መበል 36 ዓመት ቁ.71 ቀዳም 21 ሕዳር 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ገጽ 3 ገጽ 9 ገጽ 10 ገጽ 11

ዝዀነ ቍጽሪ ብባዶ ምምቃል

እንታይ ይህብ፧ ጸቕጢ ድሕረ ስንባደ ትኩር ጓሳ ምዕባይ ናይ ኣሓት መንፈስ ኤን ኤስ

ኤን፡ ምስ
ኩባንያ ኲብ
ተሰማሚዓ

ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኣኼባ ፓርላማ ውድብ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ካሪብያንን ፓስፊክን ተሳቲፉ

ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳዊ
ሕብረትን ሃገራት በነሉክስን ኣምባሳደር
ነጋሲ ካሳ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ፡
ካብ 8 ክሳብ 13 ሕዳር ኣብ ብራስለስ
ኣብ ዝተኻየደ መበል 65 ኣኼባ
ፓርላማ ውድብ ሃገራት ኣፍሪቃ፡
ካሪብያንን ፓስፊክን ከምኡ’ውን 2ይ
ሓባራዊ ኣኼባ ፓርላማ ውድብ ሃገራት
ኣፍሪቃ፡ ካሪብያን ፓስፊክን ኤውሮጳዊ
ሕብረትን ተሳቲፉ።

ኣኼባ ፓርላማ ውድብ ሃገራት
ኣፍሪቃ፡ ካሪብያንን ፓስፊክን ኣብ
ዘካየዶ በይናዊ ኣኼባ፡ ዛጊት ብሕብረት

ኤውሮጳ ክሽፈን ዝጸንሐ ንጥፈታቱ
ዘድሊ ወጻኢታት ባዕሉ ክሽፍኖ፣ ኣባል
ሃገራት ድማ ከከም ዓቕመን ካብ 5
ሽሕ ክሳብ 50 ሽሕ ዩሮ ክኸፍላ ኣብ
ዝብል እማመ ዘትዩ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ መጻኢ ኣባላት
ፓርላማ ናይ’ቲ ውድብ ምስ ኤውሮጳዊ
ሕብረት ኣብ ዝገብርዎ ጽምዶ፡ ረብሓ
ኣባል ሃገራት ንምውሓስ ብክፍሊት
ኣባልነት ሃገራትን ድለባ ኣታዊታትን
ርእሱ ክኽእል ግድነታዊ ምዃኑ
ብምግንዛብ፡ ነዚ ክዉን ንምግባር
ብዛዕባ ዘኽእል መዳያት ሓሳብ

ተለዋዊጦም።
2ይ ሓባራዊ ኣኼባ ፓርላማ ውድብ
ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ካሪብያንን ፓስፊክን
ኤውሮጳዊ ሕብረትን ኣብ ዘካየዶ ርክብ
ድማ፡ ብዛዕባ ዘላቒ ምወላ ንምምካት
ክሊማዊ ለውጢ፣ ብከላን ኣህጉራዊ
ጸጥታን ምርግጋእን ኣብ ዝቀላቐል ዘሎ
ብዙሓዊ ዓለማዊ ስርዓትን ተቐያያሪ
ዓለማዊ ኩነታት ጂኦ-ፖለቲካን፣
ከምኡ’ውን ኣገዳስነት ወሰንቲ ጥረ-
ነገራት ኣመልኪቱ ዘትዩ።
ኣብ መወዳእታ፡ ሓባራዊ መግለጺታት
ብምውጻእ ተዛዚሙ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ቈልዑ፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪራ
20 ሕዳር - ኣህጉራዊ መዓልቲ ቈልዑ፡
“ኣብ ምህናጽ እሩም ወለዶ እጃምና

ነበርክት” ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር
ኣብ ኣስመራ - ቀጽሪ ኤክስፖ ተዘኪራ።

ኣብ’ቲ ጽንብል፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም
ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡

ከምኡ’ውን ወከልቲ ቤት-ጽሕፈት
ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ
ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን
ዳይረክተር ጨንፈር ድሕነት ቈልዑን
ስድራቤትን ኣቶ ተስፉ ሰለሙን ኣብ
ዘስመዖ ቃል፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ ካብ
ነዊሕ እናተወራረሰ ዝመጸ፣ ንኣተኣልያን
ኣተሓሕዛን ቈልዑ ዘማእዝን ኣብ ሃብታም
ባህልን ስነ-ምግባራዊ ክብርታትን ዝተሰረተ
መለለዪ ከምዘለዎ ሓቢሩ።

ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ህንጸት
ብቑዓት ተረከብቲ ሃገር ወለዶታት ኣካል
ህንጸት ሃገር ምዃኑ ብምእማን፡ ኣብ
ምርግጋጽ ድሕነት፡ ሓለዋን ምዕባለን
ቈልዑ ዓቢ ጸዓትን ገዚፍ ወፍርን ይገብሩ
ምህላዎም ኣብሪሁ።

ወኪል ቤት-ጽሕፈት ማዕከን ህጻናት
ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስተር
ሳሙኤል ኦክራን ብወገኑ፡ መንግስቲ
ኤርትራ ሓላፍነታዊ፡ ምሁርን ኣፍራዪን
ዜጋ ኣብ ምህናጽን መሰላት ቈልዑ ኣብ
ምርግጋጽን ዓበይቲ ስራሓት ይዓምም
ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ምጽዳቕ ውዕል
መሰላት ቈልዑን ምስ ስንክልና ዝነብሩ
ሰባትን ናይ’ዚ መርኣያ ከምዝዀነ ገሊጹ።

እቲ መደብ፡ ብሰልፊን ስነ-ጥበባዊ
መሰናድኦታትን ከምኡ’ውን ንድሕነትን
መሰላትን ቈልዑ ብዘንጸባርቕ ስእላዊ
ምርኢት ዝተሰነየ ነይሩ።

20 ሕዳር - ኣህጉራዊ መዓልቲ ቈልዑ፡
ብደረጃ ሃገር ንመበል 35፣ ብደረጃ ዓለም
ድማ ንመበል 68 ግዜ’ያ ትዝከር ዘላ።

ተጻዋርነት ታህዋስያን ንምግታእ፡ ብሰብ ሞያ ዝተደገፈ ኣገባብ ፍወሳ ክሰዓብ ጻውዒት ቀሪቡ
ዘይውሑስን ዘይርትዓውን ተጠቃምነት
መድሃኒት ሰብን እንስሳታትን ብሓፈሻ፣
ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት ድማ
ብፍላይ፡ ጠንቂ ምምዕባል ተጻዋርነት
ታህዋስያንን ኣከባቢያዊ ብከላን ብምዃን
ከቢድ ጥዕናዊ ስግኣት ይፈጥር ብምህላዉ፡
ሕብረተሰብ ብሰብ ሞያ ዝተደገፈ ቅኑዕ
ኣገባብ ክኽተል ጻውዒት ቀሪቡ።

ኣብ መወከሲ ሆስፒታል ዞባ ጋሽ-ባርካ
ክኢላ ስነ-መድሃኒት መንእሰይ ዳዊት
ተኽላይ፡ ብፍላጥ ኮነ ብዘይፍላጥ ኣብ
ተጠቃምነት፡ ኣተሓሕዛን ኣወጋግዳን
መድሃኒት ብቐንዱ ድማ ጸረ-ታህዋስያ
ዝርአ ሸለልትነት፡ ሕማማት ናይ ተጻዋርነት
ባህሪ ከማዕብሉን መስርሕ ፍወሳ
ክተሓላለኽን ይገብር ከምዘሎ ብምጥቃስ፡

ከጋጥም ዝኽእል ሕልኽላኻት ንምግታእ፡
ርትዓዊ ተጠቃምነት መድሃኒታት
ምኽታል ግዴታ ምዃኑ ገሊጹ።

ብሰብ ሞያ ዘይተደገፈ ዘይውሑስ
ተጠቃምነት ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት፡
ኣብ እንስሳታት’ውን ካብ’ቶም ቀንዲ
ጥዕናዊ ስግኣታት ብምዃኑ፡ ማዕረ’ቲ ናይ
ሰባት ጥንቃቐን ንቕሓትን ከምዝሓትት
ዝጠቐሰ ሓላፊ ጨንፈር ሃብቲ እንስሳ ዞባ
ጋሽ-ባርካ ዶ/ር ተኽለዝጊ ተኪኤ፡ ኣብ
ተጠቃምነት መድሃኒታት እንስሳ ዝርአ
ሸለልትነት ክሳብ ሞት ዘስዕብ ሕማማት
ንኸስፋሕፍሕ ባይታ ከምዝፈጥር
ኣብሪሁ።

ግዝያዊ ሓላፊ ጨንፈር ኣከባቢ
ኣቶ ሃብቶም ገብረዝግኣብሄር ድማ፡

ሂወታውያን ብሓፈሻ ደቂ-ሰብን
እንስሳታትን ድማ ብፍላይ፡ ምስ
ኣከባቢ ቀጥታውን ዘይቀጥታውን
ምትእስሳር ስለዘለዎም፡ ብሰንኪ
ዘይውሑስ ተጠቃምነት ጸረ-ታህዋስያን
መድሃኒታት ዝስዕብ ኣሉታዊ
ተርእዮታት፡ ኣብ ኣከባቢ’ውን ከቢድ
ሳዕቤን ከምዘኸትል ብምጥቃስ፡
ዘይርትዓዊ ተጠቃምነት መድሃኒታት
ክውገድ ጸዊዑ።

እቶም ሞያውያን ጥዕና ኣብ መወዳእታ፡
ብሰንኪ ዘይርትዓዊ ተጠቃምነት ጸረ-
ታህዋስያን መድሃኒታት ዝስዕብ ጥዕናዊ
ጸገማት ንምቅላል፡ ኣብ ምዕባይ ንቕሓት
ዘተኰረ መደባት ክካየድ፣ ሰብ ሞያ
ጥዕና መድሃኒት ኣብ ዝእዝዙሉ ዕቱብ

ጥንቃቐ ክገብሩ፣ ትካላት መሸጣ
መድሃኒት ብዘይ ናይ ሓኪም ትእዛዝ
ጸረ-ታህዋስያን መድሃኒታት ካብ ምሃብ
ክሕየባ፣ ዘይሕጋዊ እታውን መሸጣን

መድሃኒታት ሰብን እንስሳታትን መግትኢ
ክግበረሉ፣ ሕብረተሰብ ድማ ብሓኪም
ዘይተኣዘዘ መድሃኒት ካብ ምጥቃም
ክቑጠብ ኣዘኻኺሮም።

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.71 21 ሕዳር 2026 - ገጽ 2

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ዜና ብዓውድታት መባእታ ጋዜጠኛነትን ስነ-ጽሑፍን ዝሰልጠኑ ኣባላት ፖሊስ ተመሪቖም
ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ
ኤርትራ ንክልተ ሰሙን ብዓውድታት
ጋዜጠኛነትን ስነ-ጽሑፍን ክስልጥኑ
ዝጸንሑ 22 ኣባላት ፖሊስ፡ ብ18
ሕዳር ተመሪቖም።

እቲ ስልጠና፡ ሓፈሻዊ ኣምር
ጋዜጠኛነትን ምድላው መደባት
ሬድዮን፣ ስነ-ግጥሚን ኣጸሓሕፋ
ሓጺር ዛንታን ዘጠቓለለ ምንባሩ፡
ህዝባዊ ርክባት ፖሊስ ኤርትራ
ሓቢሩ።

ሓላፊ ጨንፈር ምምሕዳርን
ፋይናንስን ፖሊስ ኤርትራ ሌተናል
ኮሎኔል ሃይለ በርሀ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡
እቲ ስልጠና ኣካል ናይ’ቲ ዓቕሚ

ኣባላት ክብ ንምባልን ንምምዕባልን
በብእዋኑ ዝውደብ ሞያዊ ስልጠናታት
ከምዝዀነ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ
ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ኣብ ዕለታዊ
ስርሖም ከንጸባርቕዎ ተላብዩ።

ኣዛዚ ፖሊስ ኤርትራ ኮሎኔል
መሓሪ ጸጋይ ብወገኑ፡ ነቲ ስልጠና
ንዝወደቡን ንዘካየዱን ምስጋና
ብምቕራብ፡ ሰልጠንቲ ምስ ዘኻዕበትዎ
ናይ ስራሕ ተመኩሮ ኣወሃሂዶም፡ ኣብ
ዝተመደቡሉ ቦታ ውጽኢታዊ ስራሕ
ክዓሙ ትጽቢት ከምዝግበረሎም
ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ንኣሰልጠንቲ
ህያብ፣ ንሰልጠንቲ ድማ ወረቐት
ምስክር ተዓዲሉ።

ሓጋዝ - ኣብ ምሕደራ ፕላስቲካዊ ጐሓፍ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ
ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን
ኣከባብን ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ኣከባቢ ኢንጅነር
ተስፋማርያም ገብረሂወት፡ ዜጋታት
ንቕሓቶም ኣብ ሳዕቤናት ፕላስቲካዊ
ጐሓፍ ብምብራኽ ተርኦም ኣብ ምውጋዱ
ንምዕዛዝ ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ብ14 ሕዳር
ኣብ ሓጋዝ ኣካዪዱ።

ኣብ’ቲ ርእሳነ-መምህራን፡ መምህራን፡
ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ወከልቲ ሚኒስትሪታት፡
ኮሚተ ወለዲ፡ ኣባላት ባይቶ፡ ወከልቲ ግንባርን
ሃገራውያን ማሕበራትን፡ ከምኡ’ውን
ሓለፍቲ ትምህርቲን ስፖርትን ዝተሳተፍዎ
ኣስተምህሮ፡ ኢንጅነር ተስፋማርያም፡ ኣብ
ግደ ጥዑይ ኣከባቢ ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብን
ጥሪትን ኣተኲሩ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

ኣብ’ቲ ሞያዊ መግለጺ፡ ሳዕቤናት

ፕላስቲካዊ ጐሓፍ፣ ሜላታት ምሕደራን
ምክልኻልን ፕላስቲካዊ ጐሓፍ፣ ፕላስቲካዊ
ጐሓፍ ንምውጋድ ተበጺሑ ዘሎ
ምህዞታትን ኣበርክቶኡን፣ ንምሕደራ
ፕላስቲክ ዝምልከት ሕጋጋት፣ ዘጓንፍ ዘሎ
ብድሆታት፣ ከምኡ’ውን ዘሎ ኣማራጺታት
ብሰፊሑ በሪሁ።

ጽሩይን ጽፉፉን ኣከባቢ ንምውሓስ፡
ፈቖዶኡ ዝጐሓፍ ረሳሕ ፈሳሲ ከም ኦልዮ-
ብርሻቶን ካልእን ሳዕቤናቱ ኣብ ግምት
ኣትዩ፡ ጐኒ-ጐኒ ምሕደራ ፕላስቲካዊ ጐሓፍ
ቈላሕታ ክወሃቦ፡ ኢንጅነር ተስፋማርያም
ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ኣስተምህሮ፡
ሳዕቤናት ፕላስቲካዊ ጐሓፋት ተገንዚቦም
ኣብ ምውጋዱ ኣበርቲዖም ክሰርሑ
ሓላፍነት ዘሰክም ምዃኑ ኣረጋጊጾም።

ኣገዳሲ መልእኽቲ ብምኽንያት ዓለማዊ ቅነ ንቕሓት

ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን

ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን - ሰላሕታዊ ለብዒ እዩ!

ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን፡ ህይወት ሚልዮናት ሰባት ዘጥፍእ ዘሎ ሰላሕታዊ ለብዒ እዩ። ሳዕቤናት ተጻዋርነት ንመድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ኣዕነውቲ ኮይኖም፡ ክሳዕ ኣብ ነብስኻ ዕንወት ዘየስዓቡልካ ኣይፍለጡን’ዮም። ልዑል ተኽእሎ መልከፍቲ፣ ብቐሊል ጀሚሮም ምፍዋስ ዝኣብዩ ረኽስታት፣ ንዝተናውሐ ግዜ ኣብ ሕክምና ምጽናሕ፣ ዝተዓጻጸፈ ወጻኢታት ሕክምና፣ ስንክልና፣ ምብልሻው ቅርጺ ኣካላትን ልዑል መጠን ሞትን የጠቓልል። ስለዚ ኣፍልጦኻ ብምዕባይ፣ ጽሬትካ ብምሕላውን መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ብሓላፍነት ብምጥቃምን ነዚ ዓለማዊ ሰላሕታዊ ስግኣት ኣብ ምፍዃስ እጃምካ ኣበርክት።

ሓበራዊ መልእኽቲ ካብ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሕርሻን ማይ፡ መሬትን ኣከባቢን

ባጽዕ - ንቕሓት መንእሰያት ኣብ እዋናዊ ጉዳያት ዘበርኽ ሰሚናር ተወዲቡ
ብምውህሃድ ጨናፍር ህግደፍን
ሃማመተኤን ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ
ዝተወደበ፡ ንቕሓት መንእሰያት ኣብ
እዋናዊ ጉዳያት ዘበርኽ ሰሚናር፡
ብ15 ሕዳር ኣብ ኣብ ከተማ ባጽዕ
ንመንእሰያት ኣባላት ፖሊስ ተዋሂቡ።
ሓላፊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ህግደፍ ዞባ
ኣቶ እድሪስ ዓሊ፡ ንተራን ኣበርክቶን
መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት

ብመንጽር ኣብ ከባቢናን ዓለምን
ዝኽሰት ብድሆታት፡ ብኣብነት ዝተሰነየ
መብርሂ ሂቡ።

ማዕረ-ማዕረ ናጽነት ንምምጻእ
ዝተኸፍለ ከቢድ ዋጋ ዝተዀስኰሰ
ክብሪታት፡ መሰረት ኩለንትናዊ ህላወና
ኮይኑ ከምዘሎ ዝሓበረ ኣቶ እድሪስ፡
ቀጻልነት ናይ’ዛ ሃገር ብኣድማዕነት
ንምውሓስ፡ ዜጋታት ብሓፈሻ ሓድሽ

ወለዶ ድማ ብፍላይ ንቕሓቱ ከበርኽ
ተላብዩ።
ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን ሃማመተኤ
ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ኣቶ ሱሌማን ዩሱፍ
ብወገኑ፡ መድረኻዊ ሓላፍነት ንምስካም፡
ምውናን ሓይሊ ሓሳባትን ሓያል
ውዳበን መሰረታዊ ስለዝኾነ፡ ኣብ

መረዳእታ ዝተመርኰሰ ተሳታፍነት
ክዓዝዝ ኣዘኻኺሩ።
ብኻልእ ወገን፡ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ
ንኡስ ዞባ ሽዕብ፡ ኣብ ምልላይ ዝረጠበ
መምርሒ ምዘና ዘተኰረ ዓውደ-ዘተ
ብ15 ሕዳር ወዲቡ።
ኣብ’ቲ ርእሳነ-መምህራን፡

ሱፐርቫይዘራትን መምህራንን ዝተሳተፍዎ
ዘተ፡ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ
ዞባ - መምህር ጅምዕ ሳልሕ ኣብ ዝሃቦ
መግለጺ፡ ምዘና ንዅልንትናዊ ምዕባለ
ትምህርትን ተመሃራይን ስለዝዀነ፡ እቲ
ንምዘና ዝእከብ ሓበሬታ ቅኑዕን ርጡብን
ክኸውን ከምዝግባእ ገሊጹ።

እምኒ-ሓይሊ - ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ዝተዋፈሩ

ሓረስቶት ገስጋስ ኣመዝጊቦም
ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ኣብ ምርባሕ
ናይ ጸባ ከብቲ ተዋፊሮም ዝነጥፉ ዘለዉ
ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ብሚኒስትሪ
ሕርሻ ንዝተዋህብኦም ከብቲ ኣራቢሖም
ጽቡቕ ገስጋስ የመዝግቡ ከምዘለዉ፡ ክኢላ
ምርባሕ እንስሳ ኣቶ መሓመድ-ሓጎስ
ብርሃኑ ሓቢሩ።
ምህርቲ ጸባ ንምዕባይ፡ ኣብ’ቲ ንኡስ
ዞባ ኣብ ሓረስቶት ዝቐንዐ ስልጠናታትን
ምዕዳል ምሩጻት ዓሌታት ከብትን
ከምእተኻየደ ብምግላጽ፡ ኣብ ዝሓለፈ
ዓመታት ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ
ንዝነጥፋ ስድራቤታት ዝተዋህባ ሓመርያ

ዝዓይነተን ከብቲ፡ ሰሲነን ጠለባት ጸባ ኣብ
ምምላእ ኣበርክቶ ይገብራ ምህላወን
ኣብሪሁ።
እተን ከብቲ፡ ደርቅን ሕማማትን
ዝጻወራን ርቡሕ ምህርቲ ጸባ ዝህባን
ብምዃነን፡ ፍሉይ ብልጫ ከምዘለወን፡
ብተወሳኺ ገሊጹ።
\ኣብ ቅነ-ሓየላ - ምምሕዳር ከባቢ
ዓዲ-ዓጓ ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ
ዝተዋፈረት ኣብነታዊት ሓረስታይ
ወ/ሮ ኤልሳ ተስፋይ፡ ቅድሚ 7 ዓመት
ካብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝተረከበታ
ሓንቲ ሓመርያ ዝዓይነታ ናይ ጸባ ላም

ዝጀመረቶ ንጥፈት፡ ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ናብ
ሓሙሽተ ክብ ከምዝበለ፣ ብኡ መጠን
ድማ ኣብ መነባብሮኣ ለውጢ ከምዝመጸ
ሓቢራ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ ልምዓት ምሩጻት
ኣዝርእቲ ስርናይን ዕፉንን ከምእትነጥፍ
ብምሕባር፡ እተካይዶ ሕርሻዊ ዕማማት
ኣብ መነባብሮኣ ጽቡቕ ውጽኢት
ትረኽበሉ ከምዘላ ኣፍሊጣ።

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ኣብ
ምርባሕ ናይ ጸባ ከብቲ ዝተዋፈሩ 45
ሓረስቶት ኣለዉ።



ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.71 21 ሕዳር 2026 - ገጽ 3

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ጥቕሲ
እ ዚ
ሰሙን

“ፍልጠት፡ ካብ ካልኦት ክንምሃር ንኽእል ኢና፣
ልቦና ግን ካብ ውሽጥና እዩ።”

- Michel de Montaigne

0 ኣብ ሕሳብ፡ ዝዀነ ቍጽሪ

ብባዶ ምምቃል ከም ዘይከኣል
ይፍለጥ እዩ። ዝዀነ ቍጽሪ ብባዶ
ኣብ ዝምቀለሉ፡ ዘይተወሰነ ወይ
ዘይፍለጥ ውጽኢት እዩ ዝህብ።
ከምቲ ኣብ ትምህርትና እንፈልጦ
ከኣ ‘ኣንዲፋይነድ’ ኢልና
ንጠቕሶ። እዚ ማለት ድማ ንዝዀነ
ቍጽሪ ብባዶ ክንመቕሎ እንተ
ፈቲንና ቅኑዕን ርጉጽን ዝዀነ
መልሲ ክንረክብ ኣይንኽእልን
ኢና ማለት’ዩ። ነዚ ንምርዳእ፡ ነቲ
ብቕሊሉ ዝተምሃርናዮ ተግባራት
ቍጽሪ፡ ምልስ ኢልና ክንርኢ።
ምምቃል መሰረታዊ ትርጕሙ
እንታይ እዩ፧ ብማዕረ ምክፋል
ዝብል ሓሳብ፡ ቀንዲ መሰረት ዕዮ
ምምቃል እዩ። ንኣብነት፡ ዓሰርተ
ባኒ ንኽልተ ሰባት ብማዕረ እንተ
መቒልናዮም፡ ነፍሲወከፎም
ሓሓሙሽተ ባኒ ይወስዱ። ኣብ
ኢድካ ዓሰርተ ባኒ ነይረናኻ’ሞ፡
ንኽልተ ሰብ ማዕረ ብምክፋል
ሓሓሙሽተ ይወስዱ። ናይ ምምቃል
መረዳእታ ብኻልእ ሸነኽ ክግለጽ
ይከኣል’ዩ፣ ተደጋጋሚ ምንካይ

ካልእ መገዲ ምምቃል እዩ። ኣብ
ኢድና ካብ ዘሎ ዓሰርተ ባኒ፡ ክሳብ

ጥራይ ኢድና ንተርፍ (ክሳብ ባዶ
ንበጽሕ) ዝበጽሕ ክንደይ ግዜ
ክልተ ክንንኪ ንኽእል፧ ሓሙሽተ።

ሓደ ዝተጨበጠ፡ ርጉጽ ውጽኢት
ምርካብ፡ ኣብ ሕሳብ ኣዝዩ ኣገዳሲ
ሕጊ እዩ። ኵሉ ግዜ ሓደ ናይ

ሕሳብ ዕዮ ክንሰርሕ ከለና፡ ሓደ
ንጹር መልሲ ክንረክብ ኣሎና።
ክልተ፡ ክልተ እንተ ደሚርናሉ
ሓደ ጭቡጥን ወይ ርጉጽ መልሲ
ኣሎና፣ ኣርባዕተ። እሞ፡ ኵሉ ብባዶ
ዝምቀል ቍጽርታት ውጽኢቱ
ዘይተወሰነ ወይ ዘይተፈልጠ
ክንብልከ ይከኣልዶ፧

በዚ ዝቐደመ ናይ ባኒ ኣብነት
ንኺድ። ዓሰርተ ባኒ፡ ንባዶ ሰባት
ምቐል እንተ ተባሂልና እንታይ
ትርጕም ይህበና። ዓሰርተ ባኒ
ሒዝካ ንባዶ ሰባት ብማዕረ
ክትመቕሎም ምፍታን ዝከኣል
ነገር ኣይኰነን። ተደጋጋሚ ምንካይ
ባዶ፡ መወዳእታ ዘይብሉ ዑደት
ይፈጥር። ካብ ዓሰርተ ቍጽሪ ባዶ
እናኣጕደልካ ናብ ባዶ ክትበጽሕ
እንተ ፈቲንካ ሚልዮን ግዜ እውን
እንተ ኣጕደልካ ዓሰርተ ኣይትንክን
እያ። መወዳእታ ዘይብሉ ተግባር
ስለ ዝኸውን፡ እቲ ዕዮ ደው
ዝብለሉ ነጥቢ የብሉን። ስለዚ፡
ድማ ክንደይ ግዜ ከም ዝተመቕለ
ክንቈጽሮ ኣይንኽእልን ኢና።

ምስ ምርባሕ ዘለዎ ቀጥታዊ
ምትእስሳር

ኣብ ሕሳብ፡ ምምቃልን ምርባሕን
ዝተጋመጠለ ዕዮታት ምዃኑ
ፍሉጥ እዩ። ንኣብነት፡ ሽዱሽተ
ብኽልተ ምምቃል ሰለስተ ዝህበና
ምኽንያት፡ ክልተ ምስ ሰለስተ
ተራቢሑ ሽዱሽተ ስለ ዝህብ
እዩ። ባዶ ዘይኰነ ቍጽሪ ብባዶ
ክንመቕሎ ምስ እንፍትን እዚ ሕጊ
ይፈርስ’ዩ። ሽዱሽተ ብባዶ እንተ
መቒልናዮ፡ ‘ሓደ ዘይፍለጥ ቍጽሪ’
ይህበና እንተ ኢልና፡ እቲ ዘይፍለጥ
ቍጽሪ ምስ ባዶ ተራቢሑ ሓሙሽተ

በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

ግድል ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት
ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧

ቍጽሪ ባዶ (0)
ዝዀነ ቍጽሪ ብባዶ ምምቃል እንታይ ይህብ፧

ክህበና ነይሩዎ። ዝዀነ ቍጽሪ
ብባዶ እንተ ተራቢሑ ኩሉ ግዜ
ባዶ እዩ። ስለዚ ባዶ ምስ ዝዀነ
ቍጽሪ ተራቢሑ ሓሙሽተ ክህበና
ስለ ዘይክእል እቲ ሕቶ መልሲ
የብሉን።

ባዶ ብባዶ ምምቃል እንታይ
ይፈጥር

ባዶ ብባዶ ምምቃል ፍሉይ
ኵነታት እዩ ዝፈጥር። ባዶ ብባዶ
ተመቒሉ ሓደ ዘይፍለጥ ቍጽሪ
ይህብ እንተ ኢልና፡ ባዶ ምስቲ
ዘይፍለጥ ቍጽሪ ተራቢሑ ባዶ
ይህብ ማለት እዩ። ብኻልእ መገዲ
ኵሎም ቍጽርታት መልሲ ይዀኑ
ንብል ኣለና ማለት’ዩ። ምኽንያቱ
ባዶ ምስ ሓደ ተራቢሑ ባዶ
እዩ። እቲ ዝርከብ ቍጽሪ ዝዀነ
ይዅን ምስ ባዶ ተራቢሑ ባዶ’ዩ
ክህብ። ባዶ ምስ ሚእቲ ወይ ምስ
ሚልዮን ተራቢሑ ኵሉ ግዜ ባዶ
እዩ ዝህብ። እቲ ቍጽሪ ምፍላጥ
እንታይ ኣገዳስነት ይህሉዎ፧ ስለዚ፡
ሓደ ንጹር መልሲ ስለ ዘይህሉ፡
‘ዘይተወሰነ’ ተባሂሉ ይጽዋዕ።
ኣብ ሕሳብ፡ ሓደ ሕቶ፡ ኵሎም
ቍጽርታት ብሓንሳብ መልሱ
ክዀኑ ኣይፈቅድን እዩ።

ኣዝዮም ንኣሽቱ ቍጽርታት
ተጠቒምና ብምምቃል ነቲ ኵነታት
ክንርድኦ ንኽእል። ሓደ ቍጽሪ
ብባዶ ነጥቢ ሓደ እንተ መቒልናዮ
ዓሰርተ ይህበና። ሓደ ብባዶ ነጥቢ
ባዶ ባዶ ሓደ እንተ መቒልናዮ
መልሱ ሓደ ሽሕ ይኸውን። እቲ
መቓሊ ቍጽሪ ናብ ባዶ ብዝቐረበ
መጠን፡ እቲ መልሲ እናዓበየ
ይኸይድ። ኣሉታዊ ቍጽርታት
እንተተጠቒምና ድማ እቲ
ውጽኢት ብኣንጻሩ ናብ ኣሉታዊ
መወዳእታ ዘይብሉ ይወርድ።
ብየማን ናብ እወታዊ መወዳእታ
ዘይብሉ ብጸጋም ድማ ናብ ኣሉታዊ
መወዳእታ ዘይብሉ ስለዝኸይድ
ኣብ ባዶ ኣይራኸቡን እዮም።

መልሱ ንምንታይ ኢንፊኒቲ

(መወዳእታ ዘይብሉ) ዘይኰነ

ኢንፊኒቲ ቍጽሪ ኣይኰነን፣
እንታይ ደኣ ሓደ መወዳእታ
ዘይብሉ ሓሳብ ወይ ኣምር ጥራይ
እዩ። ስለዚ፡ ከም ንቡር ቍጽሪ
ኣብ ሕሳባዊ ዕዮታት ክንጥቀመሉ
ኣይንኽእልን ኢና። ብባዶ
ምምቃል ‘ኢንፊኒቲ እ’ዩ’ እንተ
ኢልና፡ ሕሳባዊ ግጭት ይፈጥር’ዩ።
ሓደ ብባዶ ተመቒሉ ኢንፊኒቲ
ይህብ፡ ክልተ ብባዶ ተመቒሉ
እውን ኢንፊኒቲ ይህብ እንተ
ኢልና፡ ሓደን ክልተን ማዕረ እዮም
ናብ ዝብል ጌጋ መደምደምታ
የብጽሓና። ሊቃውንቲ ሕሳብ፡

መሰረት ሕሳብ ከየፍርስ ምእንቲ
ብባዶ ምምቃል ከም ዘይፍቀድ
ወሲኖም። እዚ ውሳነ እዚ ኵሉ
ካልእ ሕግታት ሕሳብ ብዘይ ጸገም
ክሰርሕ ይሕግዝ።

ኣብ ኮምፕዩተርን ተክኖሎጂን
ዘሎዎ ጽልዋ

ኳልኵሌተራትን ኮምፕዩተራትን
ብባዶ ክትመቅል ምስ እትፍትን
መልእኽቲ ጌጋ የርእዩ። እቲ
ማሽናት ነቲ ዕዮ ክሰርሖ ስለ
ዘይክእል ቀልጢፉ ደው ይብል።
ሓደ ሶፍትዌር ብዘይ ጥንቃቐ
ብባዶ እንተመቒሉ፡ ምብልሻው
ፕሮግራማት ከጋጥም’ውን ይኽእል
እዩ። ፕሮግራመራት ኵሉ ግዜ ሓደ
ቍጽሪ ቅድሚ ምምቃሉ ባዶ ከም
ዘይኰነ የረጋግጹ እዮም። ብዘይ
ብእኡ፡ ድሕነት መሳርሒታት
ንምሕላው እዚ ሕጊ ኣዝዩ ወሳኒ
እዩ። ኣብ ነፈርቲ ይኹን ኣብ
ሕክምናዊ መሳርሒታት ዝሰርሑ
ኮምፕዩተራት ብባዶ ምምቃል
ከየጋጥም ብጥንቃቐ ይስራሕ።

ብባዶ ምምቃል፡ ዘይተወሰነ
ስርሒት ብምዃኑ፡ ንሕሳብ ካብ
ጌጋን ዕግርግርን ይከላኸል። ምስ
ምርባሕ ዘሎዎ ምትእስሳርን ርጉጽ
ውጽኢት ናይ ምርካብ ሕግን ነዚ
የረጋግጽ።

. . . ።

A teacher was teaching English concerning Tenses. While he was mentioning the parts
of Present tense a student rised her hands.
Betiel: “Teacher!”
Teacher: “Yes!”

Betiel: “You said the 1st one is Simple Present and the 2nd is Present Continuous…”

Teacher: “Yes, I do!”

Betiel: “If we call the 1st one is Simple Present why don’t we call the 2nd one ‘Hard Present’!”

ሜሪማና

ዳእላ ተመሃሮ

ሓደ ተመሃራይ ኣብ ሓደ
ምስጢራዊ በዓቲ ተዓጽዩ
ይርከብ። ካብቲ በዓቲ ንምውጻእ
ክልተ ማዕጾታት ኣሎዎ። እቲ
ሓደ ማዕጾ ናብ ናይ ሓቀኛ
ዓወት ይመርሕ፣ እቲ ካልኣይ
ማዕጾ ግን ናብ ናይ ዘለኣለም
ውድቀት እዩ ዝወስድ። ኣብ
ጥቓ እዚ ማዕጾታት ክልተ
ሓለውቲ ደው ኢሎም ኣለዉ።

እቲ ሓደ ሓላዊ ኵሉ ግዜ
ሓቂ ጥራይ’ዩ ዝዛረብ፣ እቲ
ካልኣይ ሓላዊ ግን ኵሉ ግዜ
ሓሶት ጥራይ’ዩ ዝዛረብ። እቲ
ተመሃራይ መን ሓቀኛ መን
ሓሳዊ ምዃኑ ኣይፈልጥን እዩ።
ካብቶም ክልተ ሓለውቲ ንሓደ
ሰብ ሓንቲ ሕቶ ጥራይ ናይ
ምሕታት ዕድል ኣሎዎ። እቲ
ናብ ናጽነት ዝወስድ ማዕጾ
ንምፍላይ እንታይ ኢሉ ክሓትት
ኣሎዎ፧

እናተዘናጋዕኩም

ፈትኑ!

እቲ ተመሃራይ ካብቶም ክልተ
ሓለውቲ ንሓደ ሓላዊ ቀሪቡ
እዚኣ ሕቶ ክሓቶ ኣሎዎ፤

“ነቲ ካልኣይ ሓላዊ ‘እቲ ናብ
ናጽነት ዝወስድ ማዕጾ የናይ
እዩ፧’ ኢለ እንተ ዝሓቶ፡ እንታይ
ኢሉ ምመለሰለይ፧”

መአመቲ፥

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.71 21 ሕዳር 2026 - ገጽ 4

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ፋጥማ እስማዒል ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሕርሻን

መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ካብ ጾር ሓላፍነት
ናብ ልምዓት - ብጽንዓት!

ፍረ ጻዕሪ

ዕዉት ኣከባብያውን ምህርታውን
ውጽኢት ዝፈጠረ ልምዓት ዝወነነት፡
ተባዕ ሓረስታይ እያ። ወ/ሮ ትዕበ ረዳእ
ትብሃል። ኣብ 1959 ኣብ ዞባ ደቡብ
ምምሕዳር ከባቢ ጉሕ-ጨዓ፡ ኣብ ዓዲ
ድቡስ ተወሊዳ። ወለዳ ኣቶ ረዳእ
ጊለን ወ/ሮ ርሻን ተስፋይን 12 ደቂ
ፈርዮም’ኳ እንተዀኑ፡ እቶም ሓሙሽተ
ጥራይ ዓብዮም።

“እቲ ሞት፡ ንስድራና ቀሊል በሰላ
ኣይገደፈሎምን። ዓዲ ገዲፎም
ክወጽኡ’ውን ኣገዲዱዎም። ኣነ፡
ምዕባይ ሕሳስ-ልደ እየ። ከም ኵሉ
ቈልዓ ገጠር፡ ጤለ-በጊዕ እናጓሰኹን
ስድራይ እናሓገዝኩን ዓብየ። ዕድል
ትምህርቲ ኣይረኸብኩን። ስድራይ’ውን
ቀልጢፎም’ዮም ናብ ሕጸን መርዓን
ቈሪኖምኒ” ክትብል ዝኽርታታ ተካፍል
ወ/ሮ ትዕበ።

መንእሰይ ትዕበ፡ ንገብረሚካኤል
ክፍለጽዮን ተመርዕያ፡ ኣብ ‘ገዛ ሕድሩ’
ከባቢ ዓረዛ፡ ሓዳሮም ፈለዩ። ጸኒሖም፡
ብንግድን ሕርሻን ህይወት ንምቕያር፡
ናብ ኦምሓጀር ወረዱ። እዋኑ፡ ፖለቲካዊ
ኵነታት ኤርትራ፡ ብወተሃደራዊ ሓይሊ
ስርዓት ኢትዮጵያ ዝፍተነሉ ዝነበረ
ጽንኩር’ዩ ነይሩ። ሓፋሽ ህዝቢ ምስ
ሰውራን ተጋደልትን ተጸንቢሩ የበርክት
ነበረ። ሓደ እዋን፡ ብተጋድሎ ሓርነት
ኤርትራ ኣብ ከባቢ ኦምሓጀር፡ ሓደ
ስርሒት ብምፍጻሙ፡ ኣብቲ ቦታ ዝነበረ
መኽዘን ብረት ተቓጸለን ኣዛዚ ናይ’ቲ
መዓስከር ተቐትለን።

“ሕነ ናይቲ ስርሒት ንምፍዳይ፡
ብሻምበል በለው ዝምራሕ ዕጡቕ
ሰራዊት ጸላኢ፡ ኦምሓጀር ወፊሩ። ህዝቢ
ኦምሓጀር፡ ንተከዘ ክሰግርን ሕሞራ
ክኣቱን ዕድል ስለዘይረኸበ፡ ዘስካሕክሕ
ግፍዒ ወሪዱዎ’ዩ፡” ብምባል ትዝክር፡
ኣብቲ ግዜ’ቲ ናይ ሰለስተ ወርሒ ነፍሰ-
ጾር ዝነበረት ወ/ሮ ትዕበ ረዳእ። ካብቲ
ዝቃጸል ዝነበረ ኣጓዱን ብዓረር ጠያይት
ዝጠፍአ ህዝብን፡ ንስክላ’ያ ድሒና።

ብዓል ቤታ፡ “ንስኺ ንዓዲ ክትከዲ
ኢኺ፣ ኣነ ግን ክጋደል እየ፡” ስለ ዝበላ፡

ናብ ከበሳ ተመልሰት። ንዝተወሰነ ግዜ
ኸኣ፡ ምስ ስድራኣ ተቐመጠትን ወዲ
ተበኰረትን። ‘የማነ’ ኢላ ድማ ሰመየቶ።
ብዓል ቤታ፡ ፈለማ ምስ ሓፋሽ ውድባት
እዩ ተወዲቡ፣ ጸኒሑ ናብ ተጋደሎ ሓርነት
ኤርትራ ተሰሊፉ፣ ቅድሚ ናብ ህዝባዊ
ሓይልታት ምስጋሩ፡ ኣብ ኲናት ደቡብ
እግሩ ተሃርመ። ካብ ሕክምና ዕረፍቲ
ረኺቡ ድማ ናብ ትውልዲ ዓዱ በጽሐ።
ኣብኡ ሓደ ሰሙን ጸኒሑ፡ ንሓሞኡ
ሓደራ ኢሉዎ ናብ ቦታኡ ተመልሰ።
ወ/ሮ ትዕበ ድማ ካልኣይ ድቂ ሓዘት።

“እንተዀነ ግን፡ ገጽን ዓይንን ‘ናዝሬት’
ጓሉ ክርኢ ኣይተዓደለን፡” ብምባል
ትትክዝ ወ/ሮ ትዕበ። ብዓል ቤታ፡ ኣብ
ኲናት ሰምሃር ብ12 ታሕሳስ 1977 ኣብ
ከባቢ ደጎሊ እዩ ተሰዊኡ። ብድሕር’ዚ፡
ጾርን ሓላፍነትን ምዕባይ ክልተ ደቃ፡
ኣብ ዝባና ተጻዕነ። ህይወትን ናብራን
እናኸበዳ ብምምጽኡ ኸኣ ናብ ሱዳን
ከባቢ ገዳርፍ ተሰደት።

“በቲ፡ ኣብ ዓዲ እንከለኹ ዝተላመድኩዎ
ቊኖን ስፌትን እናሰራሕኩ፡ ህይወተይ
ክመርሕ ጀሚረ። ናይ ሃገር
መንቋሕቋሕታ ስለ ዝነበረኒ፡ ምስ
ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ግንባር ኰይነ፡
እናተቓለስኩን ደቀይ እናዕበኹን ናብራ
ቀጺለዮ፡” ትብል ወ/ሮ ትዕበ።

“መስዋእቲ በዓል ቤተይ ድሕሪ ምፍላጠይ፡
ወጋሕታ፡ ፍትሓዊትን ቴድሮስን ዝብሃሉ
ቈልዑ ወሲኸ። ናጽነት ምስ ኰነ ድማ
ናብ ጀርመን ዝጀመርኩዎ መስርሕ ጉዕዞ
ስደት ገዲፈ፣ ናብ ኤርትራ ተመሊሰ።

መንግስቲ፡ ንኹልና ተመለስቲ፡ ኣብ
ተሰነይ ብጽቡቕ’ዩ ተቐቢሉና። በዚ ኸኣ
ናብ ሕርሻ ተመሊሰ፡” ብምባል፡ ንፈላሚ
ናይ ሕርሻ ጉዕዞኣ ትዝክር።

“እንተዀነ...” ትብል’ሞ፡ ስለምንታይ
ካብ ተሰነይ ናብ ኣስመራ ከም ዝደየበት
ክትገልጽ እንከላ፡ “ኣብ ጀርመን ዝነበረት
ሊያ ሓፍተይ፡ ኣስመራ እተዊ፣ ንናብራኺ
ዝኸውን ኣነ ክሕግዘኪ’የ ስለ ዝበለትኒ፡
ናብ ኣስመራ ደዪበ፣ ኣብ ገጀረት ከባቢ
‘ባርጅማ’ ኣብ ዘሎ ገዝኣ ድማ ተቐሚጠ።
ነቲ ኣብ ሱዳን ዝጀመርኩዎ ቊኖ
ቀጺለዮ። ነዊሕ ከይጸናሕኩ ድማ ደርሁን
ከብትን ከፍሪ ጀሚረ። ኣብ ሓጺር ግዜ፡
ንዘጥረኹወን ደርሁ ናብ 900፡ ከብቲ
ናብ ሓሙሽተ ኣብጺሐየን። እንተኾነ፡
ኣብ ውሽጢ መንበሪ ገዛ፡ ምስ ጽሬትን
ካልእን ብዝተሓሓዝ፡ ልዕሊኡ ክኸይድ
ስለ ዘይከኣልኩ፡ ናብዛ ሕጂ ዘለኹዋ ቦታ
ግዒዘ፡” ብምባል ናብቲ ኣውራ ኣርእስትና
ኣስገረትና። “ብኸመይ፧” ዝብል ሕቶ ከኣ
ኣስዓብናላ።

“ናብዚ ሕጂ ዘለኹዎ ቦታ (ኣስመራ
- ከባቢ ኤክስፖ) ክጥምት ዝፈጠረ
ምኽንያት ዘገርም እዩ። ቀለብ ደርሁን
ከብትን ደልየ ምስ መጻእኩ’የ፡ ዓይኒ
ኣውዲቐሉ። ንእሽቶ ቃጽዖ ሓሪሰ፡ ክዘርእ
ጀሚረ፣ ብድሕሪኡ፡ እዚ በዱ ቦታ ክለምዕ
ይኽእል’ዩ ኢለ ስለ ዝኣመንኩ፡ ነቲ ቦታ
ኣደላዲለ ከልምዖ ፍቓድ መንግስቲ
ንምርካብ፡ ዘይበጻሕኩዎ ቤት ጽሕፈት
ኣይነበረን። ኣብ መወዳእታ፡ ‘እኽእል’የ
እንተ ኢልኪ ደኣ ኣልምዕዮ፡’ ተባሂለ
ተፈቒዱለይ።”

“ሰብ ኣማኺሩኒ፡ ናብ መደብ ውህለላን
ልቓሕን ከይደ፣ ወትሩ እናዘከርኩዎ
ዝነብር፡ ሓላፊ ናይቲ መደብ ኣቶ
ተስፋይ፡ ንዝነበረኒ ሓቦን ተስፋን ኣብ
ግምት ብምእታዉ፡ ብዙሕ ኣተባቢዑኒ።
ኣነ ዝሓሰብክዎ ሰለስተ ሽሕ ጥራይ
እዩ ነይሩ። ‘ኣብ ግዜኡ ጥራይ ክፈልዮ
እምበር፡ 30,000 ክንህበኪ ኢና፡’ ብምባል
ናይ ልቓሕ ዕድል ተኸፊቱለይ። በዚአንን
ብዝነበራኒ ቍሩብ ቁራቦ ገንዘብን ገይረ
ድማ ምድልዳል መሬት ጀሚረ። ዒላ
ማይ ክፍሕር ናይ ግድን ብምንባሩ፡
ወርቀይን ገንዘበይን ኵሉ ኣፍሲሰዮ፡”
ብምባል፡ ተሪር ከውሒ ንምስባር ሓያል
ጻዕርን ከቢድ ወጻኢታትን ከም ዝኸፈለት
ትገልጽ።

ወ/ሮ ትዕበ ረዳእ፡ ሓደ ሄክታር መሬት
ኣደላዲላ፡ ናብ ምሉእ ዓመት እተልምዓሉ
ሕርሻዊ ንጥፈታት ተጸንበረት። ራብዓይ
ርእሳ ድማ ናብ ሰፊሕ መደብ ወፈረት።
ክኢላታት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ኣስመራ፡
ብምኽሪ፡ ስልጠናን ምክትታልን
ኣተባብዕዋ። ኣብ ሓጺር ግዜ ተስፋኣ
በርሃው ኢሉ ተራእያ። ብውሱናት
ዓይነት ኣሕልምቲ ዝጀመረቶ ልምዓት

ናብ ዝለዓለ ኣስፍሓቶ። ኣይደንጐየትን፣
ካብ መደብ ውህለላን ልቓሕን ዝተዓደየቶ
ገንዘብ ቀልጢፋ ከፈለቶ። ሓንቲ ካብቶም
ቀልጢፎም ዕዳኦም ከፊሎም ዝተዓወቱ
ሓረስቶት ንምዃን ከኣ በቕዐት።

“ኵሎም ኣባላት ሕርሻ፡ ኣብርሃም፡
ኣባዲትን ካልኦትን ብዘይምቁራጽ
እዮም ተመላሊሶምኒ። ናይ ብሓቂ ኸኣ
ኣተባቢዖምኒ’ዮም። ንሳቶም ጥራይ
ዘይኰኑ’ውን፡ ኣማሓዳሪት ንኡስ ዞባ
ገጀረት ወ/ሮ ትብለጽ ተስፋሚካኤል ምስ
መሳርሕታ ኣጆኺ ምባል ኣየቋረጹን፡”
ትውስኽ።

ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ ሕርሻ፡ እምነ
ኵርናዕ ልምዓት ሃገር ምዃኑ እትኣምን
ናዝሬት ጓላ ብወገና፡ “ኣደይ ብግብሪ
መምህር ዝተቐየረት ሓረስታይ እያ።
ንግሆ ተንሲኣ ስራሕ ትቈጻጸር፡ መደብ
ስራሕ ተውጽእ፡ ዝጐደለ ትምልእ፡
ከምዚ ግበሩ ከምዚ ስርሑ እናበለት’ውን
ትከታተል፡” ብምባል፡ ካብ ወላዲታ
ልዑል ናይ ስራሕን ኣሰራርሓን ተመኵሮ
ከም ዘጥረየት ትምስክር።

ኣብ ሽቕለት ዝፈጠረቶ ዕድል ክትገልጽ
ከላ፡ “ከከም ግዜኡን ኵነታት ስራሕን፡
ቁጽሮም ዝፈላለ ሰራሕተኛታት ኣለዉኒ።
ንዓይን ሰለስተ ደቀይን ከይሓወስካ፡ ክሳዕ
ዓሰርተ ሓሙሽተ ዝበጽሑሉ እዋን ኣሎ።
ኣብዚ እዋን ከኣ ፍረ ጻዕረይ እሓፍስ
ኣለኹ። ከምዚ ከማይ ዝጸዓረ ሰብ፡ ክዕወት
ከም ዝኽእል ኣይጠራጠርን’የ፡” ብምባል፡
ንኻልኦት ብዘተባብዕ ምስክርነት፡ ዕላላ
ትዛዝም ወ/ሮ ትዕበ ረዳእ።

ንሳ፡ ናይ ጻዕራማት ደቂ ኣንስትዮ
ኤርትራ፡ ሓንቲ ኣብነት እያ። ካብ ከቢድ
ጾር ናብራ፡ ናብ ሰፊሕ ልምዓት ሕርሻ
ዝበቕዐት ጻዕራም ሓረስታይ እያ። በዱ
መሬት፡ ናብ ሓምላይ ዝቐየረት ጸዓተኛ
ኣደ’ያ። ከም ኣደ፡ ከም ሓረስታይን
ከም ኣብነታዊት ኣልማዒትን እትግለጽ፡
ንብዙሓት ድማ ኣብነት እትኸውን
ታሪኻዊት ኣደ!

ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)
ምንጪ፦ መጽሔት ፍረ-ጻዕሪ ቍ.8
***

መኣዛ ፍረ ጻዕሪ

ቆጽሊ ሞሪንጋ ምስ ዱባ
• 1 ኺሎ ዱባ
• 1 ዕብይ ዝበለ ግዝፊ ዘሎዎ ሽጉርቲ
• 1/4 ኩባያ ዘይቲ
• 1 ዓቢ ጭልፋ ዝተቐጥቀጠ ኮመደረ
• 1 ማንካ ጣውላ ዝተቐጥቐጠ ሽጉርቲ ጻዕዳ
• 5 ኩባያ በሲሉ ዝተቐጥቀጠ ሞሪንጋ
• 2 ማንካ ጣውላ ዝተቐጥቀጠ ሰዴኖ ፐርሰሜሎ
• 2 ጉዕ በርበረ
• ጨው ከም ኣድላይነቱ

ኣገባብ ኣሰራርሓ

ሽጉርቲ ኣድቒቅና ንመትሮ፡ ነቲ ሽጉርቲ ብዘይቲ ንቑሩብ ግዜ ንቐልዎ። ዝተቐጥቐጠ ኮመደረ ዝተመትረ ዱባን ወሲኽና ንሓዋሶ። ብድሕር’ዚ ብስል ምስ በለ፡ ዝበሰለ ሞሪንጋ ኣብ ልዕሊኡ ወሲኽና ነወሃህዶ። ምብሳሉ ምስ ኣረጋገጽና፡ ዝተቐጥቐጠ ሽጉርቲ ጻዕዳ፡ ሰዴኖ፡ ጨው፡ ጉዕ በርበረ ኣእቲና ኣወሃሂድና ነውርዶ። ህድእ ምስ በለ ድማ ንመግቢ ንቕርቦ።
መወከሲ ጽሑፍ ተኣምራታዊ
ገረብ ሞሪንጋ

ወ/ሮ ትዕበ ረዳእ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.71 21 ሕዳር 2026 - ገጽ 5

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ’ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ “ሕቶ ሕቶ ሸባብ ሸባብ” እምበኣር ንገለ ካብ’ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ “ሆት ላይን” ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ መደባት
ዓምዲ ሸባብ፡ ሎሚ ካብ ዓማዊልና
ብደብዳቤ ካብ ዝመጻና ሕቶ
መሰረት፡ ንጸቕጢ ድሕረ ስንባደ
ዝብል ዛዕባ ኣተኲርና ሓጺር ጽሑፍ
ኣቕሪብናልኩም ኣለና። ሰናይ ንባብ።

ጸቕጢ ድሕረ ስንባደ

እንታይ ማለት’ዩ፧

ድሕረ ስንባደ ዝኽሰት ጸቕጢ
ኣእምሮ፡ ናብ ኣሰባብዲ ወይ ኣጫናቒ
ፍጻሜ ድሕሪ ምቕላዕ ዘጓንፍ፡ ሓደ
ካብ ሕማማት ኣእምሮ’ዩ። እዚ
ሕማም እናገደደ ብዝኸይድ ጕሉሕ
ናይ ጸቕጥን ሻቕሎት ስምዒታት
ይልለ። ዝቐልጠፈ ድሕሪ ሰሙን
ዝደንጐየ ድማ ድሕሪ 30 ዓመታት
እቲ ፍጻሜ ክርአ ይኽእል።

ገለ ካብ ኣሰንባዲ ወይ ኣጨናቒ
ፍጻሜታት ንምግላጽ፥ ጐነጻዊ ሓደጋ
ወይ ገበናዊ ተግባራት፡ ኲናት፡
ጭውያን ብምርኣይን ምስማዕን፡
ከምኡ’ውን ተፈጥሮኣዊ ሓደጋ፡
ኣካላዊ ወይ ጾታዊ ዓመጽ ብግብርን
ብኣካልን ብምስታፍ’ዩ።

እዞም ፍጻሜታት ይትረፍዶ
ንዝወዓሎ፡ ንዝረኣዮን ዝሰምዖን ሰብ፡
ንዝኾነ’ውን ዘጨንቑ’ዮም። ዋላ’ኳ
እቲ ሓቂ እዚ እንተኾነ፡ ንዅሎም
ናብ ከምዚ ዓይነት ፍጻሜታት
ዝተቓልዑ ሰባት፡ ግድን ጸቕጢ
የማዕብሉ ማለት ግን ኣይኮነን።

ይኹን’ምበር፡ ብመጠን ክብደት፡
ግዜን ቅርበትን ተቓልዕነትን
ናብ’ዞም ፍጻሜታት፡ ዝተወሰኑ ሰባት
ዝያዳ ግዳያት ክኾኑ ይኽእሉ።
ጽሑፋት ከም ዝሕብርዎ፡ ብደረጃ
መነባብሮን ማሕበራዊ ዝምድናታት
ናይቲ ዘለውዎ ሕብረተሰብ ጽልዋኡ
ይፈላለ ምዃኑ እዩ። ኣብ ጽቡቕ
ኮማዊ ወይ ማሕበራዊ ምድግጋፍ፡
ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን
ዘዘውትር ሕብረተሰብ ዝነብሩ
ሰባት፡ እቶም ዘጋጥሙ ኣጨነቕቲ
ፍጻሜታት ብዙሕ ጸገማት ከይፈጠሩ

ይሓልፉ እዮም። እዚ ማለት ኣብ
ጽቡቕ ማሕበራዊ ዝምድናታት
ዘዘውትሩ ሕብረተሰባት እቲ ሳዕቤን
ብተዘማዲ ዝወሓደ ምዃኑ እዩ።
ምኽንያቱ፡ እቲ ኣብ ጸገም ይኹን ኣብ
ሓጐስ ብሓባር እናተሓጋገዘ ዝነብር
ሕብረተሰብ፡ ንግዳያት ባህርያዊ
ይኹን ሰብ ዝሰርሖ ሓደጋታት
ብሓባር ስለ ዝሰግሮን ዘድሊ ሓገዛት
ስለ ዝገብርን እቲ ግዳይ ብቐሊሉ
ጸገማቱ ዘፋኹሰሉ ማሕበራዊ
ዝምድናታት ስለ ዘሎዎ እዩ።
ብኣንጻሩ ግን ኣብቲ ብውልቃውነት
ዝተዓብለለ ሕብረተሰብ፡ ብዙሕ
ማሕበረ ቁጠባዊ ሓገዛት ዘየዘውትር
ሕብረተሰብ እቲ ሳዕቤን ወይ ጸቕጢ
ብብዝሒ ከም ዝረአ ይሕበር።
ንኣብነት ኣብ ዘይተመርዓው፡
ፍቱሓት፡ መበለት ዝኾኑ፡ ምስ ሰብ
ዘይሕወሱ፡ ትሑት ማሕበረ ቊጠባዊ
ምውህሃድ ዘሎዎም፡ ወይ መቕርቦም
ሕማም ቅዛነት ዝነበሮም ምስ ዝኾኑ፡
ብዘሎዎም ድሩት ማሕበራዊ ጸግዒ
ሕልፊ ካልእ ሰብ ቅሉዓት ይኾኑ።
ሰለዚ፡ ምህላው ማሕበራዊ ጸግዒ
ኣብ ምቅላዕን ዘይምቅላዕን ነዚ
ሕማም ወሰንቲ እዮም። ዋላ’ኳ
እዚ ዝተጠቕሰ ማሕበራዊ ኵነታት
ንምዕባለ እዚ ሕማም ጸላዊ እንተኾነ

ኣብ ንዝኾነ ሰብ ከጋጥም ከም
ዝኽእል ግና ዝተፈልጠ’ዩ።

ግዳያት እዚ ሕማም ዝኾኑ ሰባት፡
ፍርሕን ተስፋ ምቝራጽ ዝዓብለሎ
ስምዒት ክህልዎም እንከሎ፡ ነቲ
ኵነታትን ቦታ ፍጻሜን ክዝክርዎን
ክርእይዎ ኣይደልዩን። ኣብቲ ፍጻሜ
ዘሎዎም ዝኽርታትን ስምዒታትን
ዋላ’ውን ካብ ሓሳባቶም ከርሕቕዎ
እንተ ደለዩ፡ በሰላ ኮይኑ፡ ኣብ
ሕልሞምን ዕለታዊ ሓሳባቶም
እናተመላለሰ የሸግሮም።

እዞም ግዳያት፡ ኣብ ርእሲ
ዘጋጠሞም ሕማም ተወሳኺ
ካልእ ሕማም ኣእምሮ ክድረቦም
ይኽእል። እቶም ሕማማት ድማ
ቅዛነት፡ ወልፍታት፡ ሻቕሎት፡
ድርብ ዋልታ’ውን ክኾኑ ይኽእሉ።
ብኣንጻሩ፡ ኣቐዲሞም ካብዞም
ተደረብቲ ሕማማት ዝጸንሖም ምስ
ዝኾኑ ድማ ዝኾነ ኣጨናቒ ፍጻሜ
ምስ ዘጋጥሞም ሕልፊ ካልእ ሰብ፡
ናብ ጸቕጢ ድሕሪ ስንባደ ቅሉዓት
ይኾኑ።

ጠንቂ እዚ ሕማም

እንታይ’ዩ፧

መሰረታዊ ጠንቂ’ዚ ሕማም ናብ
ኣጨናቒ ፍጻሜ ምቅላዕ’ዩ። ገለ ሰባት
ኣብ እዋን ቍልዕነቶም ንዓመጽ፡
ጐነጽ፡ ምፍርራህ፡ ሞት መቕርቦም
ካልእ ኣጨናቒ ፍጻሜ ዝተቓልዑ
ምስ ዝኾኑ፡ ዝያዳ ተኣፈፍቲ
ይኾኑ። ብኻልእ ወገን ተጠራጠርቲ፡
ጽግዕተኛ፡ ምስ ሰብ ዘይለግብ ባህሪ
ዘሎዎምን ደቂ ኣንስትዮን’ውን
ተኣፈፍቲ’ዮም። ማሕበራዊ ደገፍን
ጸግዕን ዝጐድሎም፡ ሞት ፈታውን
መቕርብን ዘጋጠሞምን ድማ ደራኺ
ረቛሒ’ዩ። ብኻልእ ወገን ኣብቶም
ንሓጐስን ሓዘንን ንምቕስቃስ
ዘገልግሉ ቀማማት ሓንጐል ብዘጋጥም
ምዝንባዕ መበገሲ ክኸውን ይኽእል።

እዚ ሕማም ብኸመይ

ይንጽር፧

ነዚ ሕማም ንምንጻር ብኽኢላታት
ጥዕና ኣእምሮ ቅድምን ድሕርን
ዝነበረ ኵነታት ብምግምጋምን
ምምርማርን፡ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት
ብግቡእ ድሕሪ ምምላስ የረጋግጽዎ፥

1. እቲ ሰብ፡ ኣብ ቀረባ እዋን
ንሞት፡ መጕዳእቲ ወይ ጾታዊ ጐነጽ
ተቓሊዑ ድዩ፧

2. ድሕሪ ዘጋጠመ ኣሰንባዲ
ኵነታት ኣብ ባህርያቱን ስምዒታቱን
ለውጢ ገይሩዶ፧

3. ምስቲ ፍጻሜ ዝተኣሳሰር
ተደጋጋሚ ኣጨናቒ ሓሳባትን
ሕልምን ይመላለሶዶ፧

4. ነቲ ፍጻሜ ዘዘኻኽሮን ስምዒት
ዝፈጥረሉን ኵነታት ካብ ሓሳባቱ
ከርሕቖ ወይ ከወግዶም ይደሊዶ፧

5. ነቲ ፍጻሜ ስዒቡ ዝጀመሮ፡
እናገደደ ዝኸይድ ኣሉታዊ ስምዒትን
ጸገማት ምግንዛብ ኣማዕቢሉዶ፧

6. ጕሉሕ ለውጥታት ኣብ
ባህርያቱን መልሰ ተግባሩን
ኣማዕቢሉዶ፧

7. ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቱ፡ ስርሑ፡
ትምህርቱ፡ ማሕበራዊ ንጥፈታቱን
ኣገዳሲ ክፋል ህይወቱን ጕሉሕ
ጸቕጥን ጕድለትን ኣማዕቢሉዶ፧
ዝብሉ ሕቶታት ብምምላስ ምስ ካልእ
ሕማምን ኵነታትን ከም ዘይተኣሳሰር
ፈልዮም ብምንጻር የረጋግጽዎ።

እዚ ሕማም ዘጋጠሞ

እንታይ ምልክታት ኣለዎ፧

ግዳይ እዚ ሕማም ዝኾነ ሰብ፡ ናብ
ኣሰንባዲ ፋጻሜ ድሕሪ ምቅልዑ
ወይ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ክወርድ
ብምርኣዩን ምስምዑን ስዒቡ
ዝተፈላለየ ባህርያት ከንጸባርቕ
ይኽእል። ዋላ እውን ነቲ ዘጋጠሞ
ሕማቕ ኵነታት ብዝርዝር ክዝክሮ
እንተ ዘይከኣለ፡ እቲ ፍጻሜ ኣብ
ሓሳባቱን ዝኽርታቱን ብተደጋግሚ
እናተመላለሰ፡ ካብ ኣእምሮኡ
ምእላይ የሸግሮ። ኣብ ሕልሙ
ከይተረፈ እውን እናተመላለሰ
ፍርሕን ምብህራርን ይፈጥረሉ።

ብኣንጻሩ ድማ ምስቲ ፋጻሜ
ዝተኣሳሰር ዝኽርታቱ ዝቕስቕሱ
ሓሳባት፡ ስምዒታት፡ ሰባት፡ ቦታታት፡
ንጥፈታት፡ ዘረባ፡ ነገራትን ከወግዶም
ወይ ከልዕሎም ኣይደልን። ንኣብነት፥
ሓንቲ ሰብ፡ ጾታዊ ዓመጽ ምስ

ዘጋጥማ፡ ብዛዕባ ዓምጽ ክዝረብ
ኣይትደልን። እንተ ተላዕለ እውን
ሕማቕ ስምዒትን ባህርያትን
ይፈጥረላ። ኣገዳሲ ወይ ፍሉይ
ክፋል እቲ ህሞት እውን ክትርስዖ
ትደሊ። ንኣብነት፡ ብኸመይን ኣበይን
ከም ዝተዓመጸት እውን ክትዝክሮ
ኣይትደልን።

ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ፡ ካልኦት
ሰባትን ዓለምን ዝተጋነነ ኣሉታዊ
ግምት ይህልዎ። ንኣብነት፡ “ኣነ
ኣይረብሕን’የ፡ ምጾታት ኣኺሉ’ዩ፡
እዛ ዓለም ኮንቱ’ያ፡ ብሰንከይ’ዩ
እዚ ኵሉ፡ ሕጅስ ኣኺሉኒ’ዩ፡ ክሓዊ
ኣይክእልን’የ፡” ዝብሉ ሓሳባት
የማዕብሉ።

ፍርሒ፡ ራዕዲ፡ ስንባደ፡ ሸቀልቀልን
ዝብሉ ስምዒታትን ድቃስ ምስኣንን
ምብህራርን ይዕብልሎም። ካብ
ካልኦት ዝተገለሉን ዝተፈልዩን
ይመስሎም። ክሕጐሱ ኣይክእሉን።
ብቐሊሉ ወይ ብዘይ ምኽንያት
ይቝጥዑ ወይ ተኣፈፍቲ ይኾኑ።
ካብቲ ዘሎዎም ጸቕጢ ንምህዳም፡
ኣብ መስተን ሓደገኛ ወይ ጐዳኢ
ባህርያት ብምስታፍ ንነብሶምን
ንኻልኦትን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ
ተግባራት የዘውትሩ። ንኣብነት፡
ሰቲኻ መኪና ምምራሕ፡ ፍኑው
ጾታዊ ርክብ ምፍጻም ክጥቀሱ
ይኽእሉ።

ብኸመይ ክፍወስ ይኽእል፧

ቀንዲ መለለዩ’ዚ ሕማም ጸቕጥን
ሻቕሎትን’ዩ። ኣፈዋውሳኡ ድማ
ኣብ ዝሓጸረ እዋን ጸቕጥን
ሻቕሎትን ከም ዝንክይ ምግባር’ዩ።
ነዚ ድማ ብቃላው (ሰነ ልቦናዊ)ን
መድሃኒትን ብዝግበር ዝተወሃህደ
ደገፋት ክፍወስ ይኽእል። ስሩዕ
ምንቅስቓስን ድቃስን፡ እኹል
ማይን መግብን ምስታይን ምብላዕን፡
ምስ መቕርብካን ፈተውትኻን
ግዜን ሓሳባትን ብምክፋል፡ ዝሓሸ
ኣማራጺ ሓሳባትን ኣፈታትሓ
ጸገማት ንምምዕባልን ዓይነት ናብራ
ንምምሕያሽ ሓጋዚ’ዩ።

***

ጸቕጢ ድሕረ ስንባደ

ሸባብ

ሃማ መ ተኤ

ሕቶ ሸባብ

Post-Traumatic Stress Disorder (PTSD)



ሓዳስ ኤርትራ

ምልክታ ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

መበል 36 ዓመት ቁ.71 21 ሕዳር 2026 - ገጽ 6

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳራ ተኽልኣብ ወልደሚካኤል፡
ወላዲተይ ሃይማኖት ተስፋዝጊ ገብረስላሴ
ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ
ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ዕዳጋ እኽሊ
8ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣበባ ወልደማርያም ሓድጉ፡
ብዓል ቤተይ ሓጎስ ገብረሚካኤል ጻዕሩ
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ሰናይት ስዩም
ጎይትኦምን ብፍ/ሰብ/ዕዳ ወረ/ነፍ/ስዩም
ጎይትኦም +12ን ዘሎ ናይ ፈጽሚ ጉዳይ
ብዝምልከት፡ ብፍ/በ/ዕዳ ሄለን ግርማይ፡
ኣድራሻኺ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ
ተጸዊዕኪ ን11/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/37
ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ
ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ንሳልሳይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ደርሆን እንቋቝሖን፡ መዓርን ጸባን ውጽኢቱን)
ዓዳጊ፦ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ
ኣርእስቲ ዕድጊ፦ ውዕል፡ ዓመታዊ ቀረብ መግቢ

ኣገባብ ዕድጊ፡- ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንዓመተ 2027 ካብ ወርሒ 01/2027 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ንኣባላትን ንተማሃሮን ዝውዕል ቀረብ

መግቢ ከጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ደርሆን እንቋቝሖን፡ መዓርን ጸባን ውጽኢቱን) ናይ ዘኽፍልዎ መጠን ገንዘብ ብዕሹግ
ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2026 ዝተሐደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስን፡ መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓይሊ ኣየር 155500-155506
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።

6. እዚ ጨረታ’ዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንሰላሳ (05) መዓልታት ክፉት ኮይኑ
ይጸንሕ። ናይ ጨረታ ሰታሪት ሰዓት 9፡30 ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ተጫረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን፡ ነስ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሓይሊ ኣየር ኣስመራ፡ ካብ’ቲ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝወጸሉ ድሕሪ ሓደ ወርሒ፡ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ልክዕ ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
7 ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (CPO) 50,000 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴለፎን -155506/155510

ንካልኣይ ገዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ህንጻ ሰገን፡ ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከቡ ስፖርታኛታት ዝኸውን መግቢ ከቕርቡ ዝኽእሉ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም። ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም፡
1. ናይ 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ ምስ ፎቶኮፒ መንነትን ናይ 2026 ግብሪ ዝኸፈሉሉ ክሊራንስን፡
2. ተጫረቲት፡ ናይ መጫረቲ ሰነድ 50 ናቕፋ ብምኽፋል ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ፋይናንስ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ንግሆ ካብ 8፡00-12፡00፣ ድሕሪ ቀትሪ ካብ 2፡00-5፡00 ክወስዱ ይኽእሉ፡
3. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጻሉ ዕለት ጀሚሩ ን10 ተኸታተልቲ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 11 መዓልቲ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ይኽፈት፡
4. ናይ ጨረታ ሰነድ ምስ ተመልአ ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ፋይናንስ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ይርከብ፡
5. ተጫረትቲ ንመኽበሪ ጨረታ 50,000 ናቕፋ ብ C.P.O የትሕዙ፡
6. ትካልና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተደኣ ረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ እዚ ብከፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ህንጻ ሰገን ጎደና ብድሆ ቁ.ገዛ 50-52

ምስጋና

ብምኽንያት ዕረፍቲ ኣቦና ኣቶ ገብረሂወት
ሰለሙን፡ ኣብ ዓዲ ጓዕዳድ ብምኻድ
ዘቃበርኩምናን ዘጸናናዕኩምናን፡ ካብ ውሽጥን
ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና
ኩሉኹም፡ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ
እናበልና ምስጋናና ነቕርብ።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኤልሳ ገብረስላሴ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራ ቤትን

ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅሮ ኣቦና ገዲም
ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ ጋንታ ሓማሴን ኣቶ

ተኽልዝጊ ተስፋዝጊ (ጋሩንቻ)፡ ዝተሰመዓና
መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ሓሚሙ
ዝበጻሕኩሞ፡ ክሳብ ኣርባዕተኣስመራ
መጺእኩም ዘቃብርኩምናን ብቴሌፎንን
ብኣካልን ዘጸናናዕኩምናን ኣሕዋትን
ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።

ደቁ ምስ ምሉኣት ስድራ ቤት

1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ
እምባደርሆ

መርከብ ተስፋይ ገብረዮውሃንስ፡
ኣቦሓጎይ ገብረእግዚኣብሄር ወልዱ
ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 2ደቁን 2ተተካእቲ
ናይ ስዉእ ወዱን ወረስቲ ምዃንና
ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም
እንተሎ፡ ን9/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ከረን

ለምለም ኣልመዶም ክፍለየሱስ፡
ብዓል ቤተይ ብርሃነ ወልዱ ጠይም
ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 2ደቅና ከኣ ኣብ ወረስቲ
ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣
ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/12/26 ኣብ ቤ/ፍ
ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ
ሰንዓፈ

ብርኽቲ ለገሰ ጐይትኦም፡ ብዓል
ቤተይ ግርማይ ተወልደ ገብረሙሴ

ስለዝተሰውአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን
ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ንዓይ ናይ መጻምዲ
መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ከኣ
ኣብ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ
ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26
ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤተ-ፍርዲ ባረንቱ

ኣምለሰት ገብረመስቀል፡ ብዓል ቤተይ
ግርማይ ብርሃነ ምሕጽንቱ ስለዝዓረፈ፡
ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ
ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ
ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም
ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡
ን15/12/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ሓፍትና ኤደን ኣስገዶም
መንግስቱ፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን
እናገለጽና፣ ሬሳ ካብ ጀርመን ብምልኣኽ
ዝተሓባበርኩምናን ዓዲ ግረቶ ብምኻድ
ዘቃበርኩምናን፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን
ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን
ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ፈተውትን
መተዓብይትን ማይ ተመናይ፡ ሕሰም
ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

ወዳ ሱራፊኤል የማነ
ኣሕዋታ ምሉኣት ስድራቤት

ምስጋና

ብዕረፍቲ እነፍቅሮ ክቡር ወላዲና ኣቶ
ተሸመ ሰለሙን በርሀ፡ ዝተሰመዓና መሪር
ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማሙን ኣብ
ገዛ ይኹን ኣብ ሆስፒታልን ዝበጻሕኩናን
ኣብ ገዛና ብምምልላስ ከምኡ’ውን ካብ
ደገን ውሽጢ ዓድን ተሌፎን ብምድዋል
ዘጸናናዕኩምናን የቐንየልና ሕሰም
ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንዓጹ።

ደቁ ምስ ምሉኣት ስድራ-ቤት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረአምላኽ - ሳምራዊት መለስ

VACANCY ANNOUNCEMENT

Red Sea Bottlers Sh. Co. Invites qualified applicants for the following posts:

1. Post: …… Washer Operator

   Education: …… Mainefhi science and technology College graduate in electrical or Electronics technology

   Skill: …… Knowledge of the post

   Experience: …… one year or above

   Quantity: …… two

   Age: …… 25 – 45yrs.

2. Post: …… Filler Operator

   Education: …… Mainefhi science and technology College Diploma graduate in electrical Or electronic technology.

   Skill: …… basic maintenance skill and operation of filler.

   Experience: …… one year experience or above

   Quantity: …… two

   Age: …… 25 – 45yrs.

3. Post: …… Chiller and conveyor operator

   Education: …… Mainefhi science and technology College graduate in electrical Or electronic technology.

   Skill: …… Knowledge of the post

   Experience: …… one year or above

   Quantity: …… two

   Age: …… 25 – 45yrs.

'- 2 -

4. Post: …… Paker Operator

   Education: …… Mainefhi science and technology College diploma graduate in mechanical or electrical technology.

   Skill: …… Knowledge of the post

   Experience: …… one year or above

   Quantity: …… two

   Age: …… 25 – 45yrs.

Salary as per company scale.

Interested applicants are required to come and fill an application form and submit their CV and supporting documents to Red Sea Bottlers Sh. Co., Human Resources and Administration office, Tel 164013, within 10 days from the date of this announcement.

Applicants must provide certificate of completion or exemption from national service.

Continued from page 8

Behavioral Skills	• Safety leadership by example • Ability to work in developing countries • Good Interpersonal skills • Ability to work under pressure with challenging targets • Commitment to deliver on agreed targets - Results oriented • High level of initiative • Ability to multitask • Demonstrated team building and mentoring skills • Demonstrated training and people development skills • Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.

General Information and other requirements:

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** definite (2years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to: Asmara Mining Share Company, P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to: Mineral Resources Management P.O. Box – 272 Asmara**
- **Note to Eritrean applicants: Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs, P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረአምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

144VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.

Light Vehicle & Auxiliary Supervisor
Number required – (01)
Type of contract – definite (2 years)

Major Duties and responsibilities

- Assist the Maintenance Superintendent to recruit, train and mentor a light vehicle and auxiliary maintenance team who will deliver quality maintenance services to all light vehicles, light mobile equipment, and auxiliary plant.
- In doing so, ensuring KPI's that facilitate the delivery of sustained and productive operations.
- Supervise the department, who will carry out maintenance, repair, and servicing work on light vehicles, LDVs, buses, light mobile plant, and auxiliary equipment on the Mine.
- Perform regular Safety inspections, plan work ahead of schedule and control budget.
- Identify and order relevant parts required for repairs in the store system.
- Write standard operating procedures where necessary for high-risk work.
- Ensure the required work permits are always completed before the commencement of any job and safety standards are adhered to.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

- Responsible for forecasting and planning of light vehicle and auxiliary maintenance and repairs of all allocated Equipment.
- Makes use of "Planned Maintenance Schedule" and conducts "Planned Task Observation". Responsibly handling emergency situations or after-hours calls for repair and maintenance.
- Tracks the use of maintenance and repair parts and orders accordingly.
- Identify the highest priority for each week and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping.
- Ensures light vehicle and auxiliary maintenance and repairs are carried out in an efficient and effective way to minimize downtime, possibly affecting production and operational mobility.
- Perform regular inspections to detect potential problems before they cause breakdowns.
- Controls downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.
- Ensure safety requirements are fulfilled at the workplace, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with the mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identify any hazards in the workplace.
- Maintains equipment; parts and supply stocks by carrying out regular stock-takes and ordering replacements as required.
- Compile daily/ weekly/ monthly progress reports for the department. (Action Tracker)
- Provide technical support/motivation for the team, by supervising various activities.
- Provide training for the team (especially safety standards and procedures); schedules technical training.
- Conducts daily "Toolbox" meetings with the team.
- Manages time and attendance.
- Oversee the maintenance and repair of light vehicles, LDVs, buses, water trucks, light mobile plant, and auxiliary equipment.
- Diagnose complex mechanical, electrical, and hydraulic faults on light vehicles and auxiliary equipment.
- Coordinate with procurement for timely supply of spare parts and consumables specific to light vehicle and auxiliary maintenance.
- Manage the workshop scheduling ensuring efficient workflow and optimal utilization of workshop resources.
- Ensure compliance with OEM specifications and warranty requirements for all light vehicle and auxiliary equipment.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents	• Grade 12 for locals (Technical School) • Technical College Mechanical/Automotive Diploma • Light Vehicle/Automotive Trade (Expats) • Additional certificates in auxiliary equipment is desirable
Working Experience – Nature & Length	• 10 years' experience in large scale open-pit mines in the areas of Light Vehicle and Auxiliary Maintenance. • Underground maintenance experience is desirable. • 5 years' experience as a Light Vehicle/ Auxiliary Maintenance Supervisor. • Familiar with relevant health and safety standards and regulations. • Ability to co-ordinate shift crews and effectively manage shift breaks and the servicing of all light vehicles and auxiliary equipment in collaboration with the production team. • Proficient spreadsheet, presentation, word processing and database skills. • Basic knowledge of CMMS systems. • Comply with all HS&E policies, procedures and instructions. This includes the correct use of safety devices and protective equipment, prompt reporting of any hazardous situations, which they cannot themselves correct, making the necessary changes to eliminate or control the hazard and reporting immediately any accident or injury which arises in the course of their work. • Experience working in Africa. • Extensive knowledge of light vehicle and auxiliary equipment OEM systems (Toyota, Nissan, Isuzu, etc.)
Technical Skills	• Computer Literacy (MS Office Intermediate). • Strong Supervisory skills. • Train and develop local staff. • Analytical skills. • Attention to detail. • Plan, organize and execution skills. • Light vehicle mechanical and electrical diagnostic and problem-solving skills. • Knowledge of automotive air-conditioning, electrical, and electronic systems. • Valid Driver's License.

Continued on page 7



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

መበል 36 ዓመት ቁ. 71 21 ሕዳር 2026 - ገጽ 9

ሃ

ይለ፡ ድምጺ ኣቦኡ ሰሚዑ፡ “ዎሆይ፡
” ኢሉ እናጐየየ ናብ ኣቦኡ መጽአ።
ኣብ ቅድሚ ኣቦኡ ደው ምስ በለ ከኣ ነቲ
ዝሞተ ተመን ረኣዮ። ሰንቢዱ ድማ ኣዒንቱ
ኣፍጢጡ ጠመቶ። ብስንባደ ዝኣክል ክዛረብ

ኣይከኣለን። ፈዚዙ ጥራይ ነቦኡ ክጥምቶ
ጀመረ።

ኣቦይ ተስፋማርያም፡ ንሃይለ ወዶም
ኣተኲሮም ድሕሪ ምጥማት፡ “ሃይለ
ወደይ ንዓስከ ቅረብ፡” በልዎ ነታ ብተመን
ዝተነኽሰት ሰለፎም ኣትሪሮም እናሓዙ።

“ሕራይ ኣቦይ፡ ደሓን ዲኻ!፧” ነቲ
ዝተነኽሰ ሰለፍ ኣቦኡ ረኣዮ። ብስንባደ
ንብዓት ክስዕሮ ደለየ። ተምበርኪኹ ከኣ
ነታ ዝተነኽሰት ሰለፍ ኣቦኡ ክዕዘባ ጀመረ።

“ሃይለ ወደይ ብድድ እሞ በል፡ እታ

ሳንጣ ኣቐብለኒ፡” ኣቦይ ተስፋማርያም፡
ናብታ ካብኦም ርሕቕ ኢላ ዝነበረት ሳንጣ
ብኢዶም ኣመልከቱ። ቃንዛ ይስምዖም ስለ
ዝነበረ ብሓይሊ ይዛረቡ ነበሩ።

ሃይለ፡ “ሕራይ ኣቦ፡” ኢሉ ነታ ሳንጣ
ካብታ ዝነበረታ ኣልዒሉ ኣቐበሎም። ኣቦይ
ተስፋማርያም፡ ነታ ኣብቲ
ሳንጣ ዝነበረት ካራ
ኣውጽኡዋ። በታ ካራ
ድማ ነታ ተመን ዝነኸሳ
እግሮም ጨንድሑዋ።

ሃይለ፡ በቲ ኣቦኡ
ዝገብሮ ዝነበረ ተግባራት
ተገሪሙ ቀው ኢሉ
ይጥምቶም ነበረ። ጽንሕ
ኢሉ ከኣ፡ “እሂ ኣቦይ
እንታይ ደኣ ትገብር
ኣለኻ!፧” ብድንጋጸ
ሓተተ። ነታ ተጨንዲሓ
ዝነበረት ሰለፍ ኣቦኡ
ብተገዳስነት ጠመታ።

“ደሓን’ዚ ዝወደይ!
እዚ ርጉም ተመን
ተጻዊቱለይ፣ ነኺሱኒ፡”
ኣቦይ ተስፋማርያም፡ ብሕርቃንን ቃንዛን
ኣስናኖም እናሓርቀሙ ተዛረቡ። ብድሕሪኡ፡
ነቲ መርዚ ንምውጻእ ነታ ዝተጨንደሐት
እግሮም ኣብ ጐድና ብኣስናኖም ብምንካስ
ብሓይሊ ነቲ መርዚ ክስሕቡ ፈተኑ። እቲ
ብካራ ዝተጨንደሐ እግሮም ከኣ ይደሚ
ነበረ።

ኣቦይ ተስፋማሪያም፡ ነብሶም ኣብ ሕማቕ
ኩነታት ከም ዘላ ተገንዘቡ። ናብ ሞት ከም
ዘምርሑ’ውን ኣይሰሓቱዎን። እቲ ዝነኸሶም
ተመን መርዛምን ሓደገኛን ነበረ። ብዛዕባ
ነብሶም ገዲፎም ብዛዕባ’ቲ ዝፈትዉዎ

ትኩር ጓሳ

ወዶም ክሓስቡ ጀመሩ። ‘ኣነ እንተ
ሞይተ፡ ሃይለ ወደይ እንታይ ክኸውን
እዩ፧’ ብምባል ብውሽጦም ተጨነቑ።
ብዛዕባ እተን ነዊሕ ዓመታት ተኸናኺኖም
ዘዕበዩወን ጥሪቶም’ውን ክሓስቡ ጀመሩ።
ክብርቲ ብዓልቲ ቤቶምን ደቆምን ኣብ
ቅድሚ ዓይኖም ተቐጀሉዎም። ክበኽዩ
ደለዩ። እንተኾነ፡ ስኖም ነኺሶም ተጸመሙ።

ኣቦይ ተስፋማርያም፡ “ሃይለ ወደይ ኣነ
ኣቦኻ ትርእየኒ ኣለኻ። ንስኻ ብዛዕባ’ዘን
ጥሪት ኣይትሕሰብ ንነብስኻ ኩን..፡” ህድእ
ኢሎም ክዛረቡ ጀመሩ። ኣብታ ዝነበሩዋ
ኦም ብሓይሊ ተጸግዑ። ካብ ኣዒንቶም
ድማ ንብዓት ፈሰሰ።

ሃይለ፡ ኣቦኡ እንታይ ይብል ከም ዘሎ
ቀልጢፉ ኣይተረድኦን። ናይ ኣቦኡ ኩነታት
ግን ኣዝዩ ኣሻቐሎ። እንታይ ከም ዝገብረሉ
ሓርበቶ። ኣብ ኣዒንቱ ንብዓት ቋጺሩ ከሎ
ድማ፡

“እንታይ ትብል ኣለኻ ኣቦ!፧ ኣጆኻ
እባ፡” ብምባል ሓተተ። ዘረባኡ ምስ ወደአ
ድማ ካብ ኣዒንቱ ንብዓት ዛረየ።

ኣቦይ ተስፋማርያም፡ ንብዓት ዝፈትውዎ
ወዶም ምስ ረኣዩ ነብሶም ምቁጽጻር
ኣበዮም። ተተሓሒዞም ድማ ከም ህጻን
ተሓቛቚፎም ተነኽነኹ።

ኣቦይ ተስፋማርያም፡ ብኽያት ትርጉም
ከም ዘይብሉ ተገንዘቡ፣ ንወዶም ኣብ
ርእሱ እናደረዙ ከኣ፡ “ስማዕ እዚ ወደይ
ንኣይ እትተርፈኒ ሞት ጥራይ እያ። እንተ
ንስኻ ግን ነተን ኣብ ሳንጣ ዘለዋ ንብረት
ጽቡቕ ጌርካ ሓዘን። ነታ ምሳር’ውን
ኣጽኒዕካ ሓዛ። ብዛዕባ እዘን ጥሪት ድማ
ብዙሕ ኣይትሕሰብ። ብፍላይ እዛ ክርቢት
ተጠንቀቐላ። ኣብ ግዜ ለይቲ ህይወትካ ንሳ
እያ፡” ብምባል ተዛረቡዎ።

ሃይለ፡ ብዛዕባ ጥቕሚ ክርቢት ዝያዳ
ኣብ ግዜ ለይቲ ከም ዘድሊ በቲ ዝኣጉድዎ
ዝነበሩ መጋርያ ተገንዚቡ ነበረ። መጋርያ
ኣብ ዝኣጒድሉ ግዜ ብዙሓት ኣራዊት
ይመጽእዎም’ኳ እንተ ነበሩ፡ ነቲ ሓዊ ስለ
ዝፈርሁዎ ግና ይቀርብዎም ኣይነበሩን።

ይቕጽል..

ልዕሊ ሽሕ ቃላት ወዲ ሰለስተ ዓመት ቈልዓ፡ ኣቦሓጎኡ ጋዜጣ ከንብብ

ምስ ረኣዮ፡ ብቕንኢ ከንብብ እናተጋደለ።

ካልኣይ ክፋል

1. ክልተ ጣይታ ተደሪቡ ዝስራሕ ዓይነት እንጌራ እንታይ ይብሃል፧
መልሲ፡ ______________________
2. ካብ ዝፈልሐ ብራሕ ወይ ምዉት ጸባ ዝርከብ ጽሩይን ቀጢንን ዓይነት ጽዕዲት እንታይ ይብሃል፧
መልሲ፡ ______________________
3. ካብ ያሒትን እንተላምን ኣየናይ ይዓቢ፧
መልሲ፡ ______________________
4. ኣብ ግዜ ማሕረስ፡ ብቀራቕሮ ቈሪኑ ኣብ ክሳድ ኣብዑር ዝውዕል ኣብ ቀዳማይ ሸነኽ ናይ ናውቲ ማሕረስ ዝርከብ ክፋል እንታይ ይብሃል፧
መልሲ፡ _________________________
5. ካብ ወለዲ ዝውረስ መሬት እንታይ ይብሃል፧
መልሲ፡ ___________________________

ዝኸበርኩም ተኸታተልቲ ዓምዲ ‘ተርሙማ’፡ ከምቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ፡ ሎሚ’ውን ንተመሃሮ፡ ውድድር ‘ተርሙማ’ ተዳልዩ ኣሎ። መልሲ፡ ኣብዛ ሕቶታት ሒዛ ዘላ ጋዜጣ ብምጽሓፍ ክትሰዱልና ንሕብር። ዕስራ ዕዉታት ተመሃሮ ክሽለሙ እዮም። መልሲ ኣብ ጋዜጣ እንተ ዘይኮይኑ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምስዳድ ኣይፍቀድን። ድምሳስ ዝበዝሖ ቅቡል ኣይከውንን። መልሲ ብጶስጣ ይስደድ። ኣድራሻ፡ ቊ.ሳ.ጶ 4336 ኣስመራ - ኤርትራ እዩ። መልሲ ክሳብ ዕለት 05-12-2026 ክበጽሕ ኣለዎ። ሰናይ ውድድር!

ስም፡ __________________________________

ቤት ትምህርቲ፡ _____________ ክፍሊ፡ _________

ኣድራሻ፡ ______________ ዞባ፡ ___________

ሞባይል፡ __________________ ወይ ___________________

ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ
1. ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣበይን መኣስን ተመስሪታ፧
መልሲ፡ ___________________________
2. ናብ ኤርትራ ዝበጽሐ ቀዳማይ ዋና ጸሓፊ
ው/ሕ/ሃገራት መን ይብሃል፧
መልሲ፡ ___________________________
3. ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ መጀመርታ
ዑደት ዝፈጸመላ ሃገር መን እያ፧
መልሲ፡ ___________________________
4. ኤርትራ መበል ክንደይ ኣባል ውድብ ሓድነት
ኣፍሪቃ ኮይና፧
መልሲ፡____________________________
5. ውግእ ከረን ኣብ መንጎ ኢጣልያን እንግሊዝን
መኣስ ነይሩ፧
መልሲ፡ ________________________

ሀ. ሕቶታት ባህሊ

ኣብዚኣ ቊረጽዋ

መ. ሓፈሻዊ ሕቶታት
1. ጸሓይ ንሰለስተ ወርሒ ከይዓረበት
እትረኣየሉ ናይ ዓለም ስፍራ ኣበይ እዩ፧
መልሲ፡ _____________________
2. ስሉስ ኵርናዕ ሰንደቕ ዕላማ እትውንን
ሃገር መን እያ፧
መልሲ፡ _____________________
3. ኣብ ናይ ኦሎምፒክ ኣርማ ዘሎዋ
በበይኖም ሕብርታት ዘሎውወን
ሓሙሽተ ቀለቤታት እንታይ የመልክታ፧
መልሲ፡ ____________________
4. ዝበዝሐ ወርሒ ዘሎዋ ፕላኔት መን
እያ፧
መልሲ፡ ____________________
5. መልሓሱ ከንቀሳቕስ ዘይክእል እንስሳ
ኣየናይ እዩ፧
መልሲ፡ _____________________

17
ሐ. ግድል ውድድር ተርሙማ
ዝሰማማዕ ምረጹ

ሀ ለ

ሐ መ

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.71 21 ሕዳር 2026 - ገጽ 10

ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ኣንስትዮ ሃ ማ ደ ኤ

ምዕባይ ናይ ኣሓት መንፈስ ሚርያም ዮሴፍ
ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወትና
ክህሉ ካብ ዘለዎ ዝዓበየ ሓይሊ፡
ኣብ መንጎና እነማዕብሎ ሓድሕዳዊ
ምድግጋፍን ምትሕግጋዝን እዩ። ኣብ
ታሪኽ ደቂ ኣንስትዮ ምስ እንርኢ፡
ካብቲ እተን ደቂ ኣንስትዮ ዝዓብያሉ
ሕብረተሰብ ዘንበረለን ትጽቢታት
ጀሚርካ፡ ዘለወን ቁጠባዊ ዘይማዕርነት፡
ባህላዊ ማሕንቖታት፡ ዝተፈላለዩ ትካላዊ
ዕንቅፋታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ
ምምዕባል ዓቕመን ዝድርት ብድሆታት
የጋጥመን እዩ። እንተኾነ፡ እዚ ኩሉ
ብድሆታት ኣብ ቦታኡ እናሃለወ ሓደ
ኣገዳሲ ነጥቢ ምልዓል ግን የድሊ። ንሱ
ድማ፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ብድሆታት
ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮ ዝህሉ ሓያል
ሓድሕዳዊ ምድግጋፍን ዘለዎ ዓቢ ተራን
እዩ።

ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮ ክምዕብል
ዘለዎ ሓያል ናይ ኣሓት መንፈስ፡ ካብ
ስድራቤታዊ ዝምድና ጥራይ ዝምንጩ
ኣይኮነን። ካብ ዘለና ስጋዊ ምትእስሳር
ሓሊፉ፡ ኣብ መንጎና ዘሎ፡ ኣብ ሓድሕዳዊ
ምክብባር፡ ርህራሀ፡ ምትሕግጋዝን ሓባራዊ
ዕብየትን ዝተመርኮሰ ባህርያት ወይ
ኣተሓሳስባታት ከነማዕል ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ።
ውድድር፡ ኣብ ህይወት ደቂ ሰብ
ዘሎ ባህርያዊ ተርእዮ እዩ። ኣብ ስራሕ፡
ትምህርቲ፡ ንግዲ፡ ፖለቲካን ካልእ
ዓውድታትን ገኒኑ ክርአ ይኽእል እዩ።
ጥዕና ዘለዎ፡ ሃናጺ ምውድዳር ድማ
ንሰባት ዓቕሞም ከማዕብሉ፡ ሓድሽ
ሓሳባትን ፍልጠትን ክቐስሙ፡ ናብ ዝለዓለ
ደረጃ ክበጽሑ ዝሕግዝ መስርሕ እዩ።
እቲ ጸገም፡ ምውድዳር ካብቲ ዘለዎ ሃናጺ
መዳይ ወጺኡ፡ ናብ ጎዳኢ ተቐናቓንነት
ክቕየር ከሎ እዩ። ኣድናቖት ናብ ቅንኢ፡
ድሌት ናይ ዓወት ናብ ጽልኢ፡ ዓወት
ናይ ካልእ ሰብ ድማ ናብ ምንቕቓፍ
ወይ ምውንጃል ዝመርሕ እንተ ኾይኑ
ከዕብየና ዝኽእል ምውድዳር ኣይኮነን።

ኣብ ብዙሓት ሕብረተሰባት፡ ደቂ
ኣንስትዮ ካብ ንእስነተን ጀሚረን ምስ
ካልኦት ደቂ ኣንስትዮ እናተነጻጸራ ከም
ዝዓብያ ዝገብር ኣተሓሳስባታት ኣሎ።
ጽባቐ፡ መርዓ፡ ስራሕ፡ ቁጠባዊ ዓቕሚ፡
ኣተዓባብያ ቆልዑ፡ ማሕበራዊ ዝምድና፡
ወዘተ መዐቀኒ ክኾኑ ይረኣዩ እዮም።
መን ጸበቐት፡ መን ቀዲማ ተመርዓወት፡
መን ዝሓሸ ስራሕ ረኸበት፡ መን ዝያዳ
ዕውትቲ ኮነት . . . ገለ ካብ’ቶም ብብዝሒ
ዘጋጥሙና ምንጽጻራት እዮም። እዞም
ብተደጋጋሚ ዝለዓሉ ምንጽጻራት፡ ኣብ
ገለ እዋን ዋላ ከም ተራ ዕላል ከለዓሉ
ከለዉ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ግን መንፈስ

ሓድሕዳዊ ምድግጋፍ ዘይኮነ፡ ዘይቅዱስ
ናይ ምውድዳር ባህሪ ክፈጥሩ ይረኣዩ።
ብተወሳኺ፡ ኣብ ገለ ገለ ሕብረተሰባት፡
ንደቂ ኣንስትዮ ዘሎ ዕድላት ውሱን እዩ
ዝብል ኣተሓሳስባታት ይምዕብል እዩ። ስለ
ዝኾነ ድማ፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ናብ
ዝሓሸ ደረጃ ክትበጽሕ እንተ ክኢላ፡ ከም
ሓደ ሳሕቲ ዘጋጥም፡ ኣዝዩ ብርቂ ዝኾነ
ነገር ይሕሰብ እሞ፡ ነተን ኣብ ተመሳሳሊ
ደረጃ ክበጽሓ ዘይከኣላ ደቂ ኣንስትዮ
ድማ ናይ ስዕረት ስምዒት ይፈጥር። እዚ
ኣብ ድሩት ዕድላት ዘለዎ ሕብረተሰብ
ክምዕብል ዝኽእል ኣተሓሳስባ እዩ። እቲ
መሰረታዊ ነገር ግን፡ ደቂ ኣንስትዮ
ይውሓድ ይብዛሕ፡ ይሕመቕ ይጸብቕ፡
ኣብ ዘሎና ዕድላት፡ ደረጃ ብቕዓትና በቲ
ሓደ፡ ብቐንዱ ድማ በቲ ኣብ መንጎና
እንምስርቶ ሓድሕዳዊ ምድግጋፍ፡
ቀንዲ ተረባሕቲ ናይቲ ዕድላት
ክንከውን ዘኽእለና እዩ። ኣብ መንጎ ደቂ
ኣንስትዮ ክምዕብል ዘለዎ ሓያል ናይ
ኣሓት መንፈስ እምበኣር ንዕድላትናን
ዓቕምታትናን ዘራብሕ ኣገዳሲ መሳርሒ
እዩ።

ሓደ ካብቲ ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮ
ክህሉ ዘለዎ እወታዊ ኣጠማምታ፡ ዓወት
ከም ሓደ ውሱን ጸጋ፡ ወይ ብውሱናት
ሰባት ጥራይ ዝበሓት ደረጃ ዘይምዃኑ
ምርዳእ እዩ። ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ
ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ብቕዓት ናይ ስራሕ፡
ትምህርቲ፡ ሞያ፡ ወዘተ በጺሓ ማለት
ናይ ካልኦት ደቂ ኣንስትዮ ዕድላት
ተጸንቂቖም ማለት ኣይኮነን። ብዘጥረየቶ
ዓቕሚ ተዓዊታ ማለት ድማ፡ ዓቕሚ ናይ
ካልኦት ይንኪ ማለት ኣይኮነን። ሓሳባት
ምክፋል፡ እሂን ምሂን ምብህሃል’ውን
ንዓወትካ ንኻልእ ሰብ ኣሕሊፍካ ምሃብ
ማለት ኣይኮነን። እቲ ቀንዲ ቁምነገር፡ ናይ
ገዛእ ርእስና ብቕዓትን ሓይልን ብኸመይ
ኣገባብ ንጥቀመሉን ናብ ክንበጽሖ ንደሊ
መገዲ የምርሓናን ጥራይ እዩ። ስለዚ፡
ዓወት ናይ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ፡

ምንጪ ቅንኢን ምትፍናንን ዘይኮነ፡
ከም ምንጪ ተስፋን መደለቢ ተወሳኺ
ተመክሮን ክውሰድ ከሎ ሓጋዚ እዩ።

ሓደ ካብቲ ሓድሕዳዊ ምድግጋፍ
ብዝሓየለ መልክዑ ክንጸባረቐሉ ዘለዎ
ቦታታት፡ ቦታ ስራሕና እዩ። ከምቲ
ብተደጋጋሚ ዝበሃል፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ
ዘሎ ዘይምዕሩይ ዕድላት፡ ውሱን
ተሳታፍነት ኣብ መሪሕነት፡ ዘለወን
ዘቤታዊ ሓላፍነት . . . ገለ ካብ’ቶም
ዝግለጹ ብድሆታት እዮም። ኣብ ከምዚ
ዓይነት ኩነታት ድማ፡ ሓድሕዳዊ
ምድግጋፍ ካብ ተራ መግለጺ ለውሃት
ወይ ምድንጋጽ ሓሊፉ፡ ዝዓበየ መሳርሒ
ምዕባለ እዩ።
ኣብ ስራሕ ወይ ኣብ ሞያዊ ጉዕዞና፡
ሓንቲ ብተመክሮ ዝበሰለት ሰራሕተኛ

ነተን ብድሕሪኣ ዝመጽኣ ጀመርቲ፡
ኣብ ስራሕ ኣልያ ምግባር፡ ምትእርራም፡
ተመክሮታት ምልውዋጥ፡ ተወሳኺ ናይ
ስራሕ ዕድል ምኽፋት፡ ሞያዊ ደገፍ
ናይ ምግባር ባህሪ ምስ ዝህልወና ሓደ
ካብቲ ዓቢ ትርጉም ዝወሃቦ ነገር እዩ።
እዞም ነኣሽቱ ዝመስሉ ነገራት ኣብ
ሞያዊ ጉዕዞና ዓቢ ስንብራት ዘለዎም
እዮም። ኣብ ህይወት ካልእ ከማና ጓል
ኣንስተይቲ ብእንፈጥሮ ለውጢ ወይ
ብእንጻወቶ እወታዊ ተራ ድማ፡ ናይ ገዛእ
ርእስና ዕብየት ዝያዳ ትርጉም ይህልዎ።
ውህሉል ተመክሮናን ዓወትናን ንኻልኦት
ደቂ ኣንስትዮ ዕድላት ክኸፍትን ኣርኣያ
ክኸውንን ምስ ዝጅምር ድማ’ዩ ጉዕዞና
ዝያዳ ዋጋ ዝረክብ። ኣብ ቦታ ስራሕና
ካልኦት ሓደስቲ ኣብ ዝመጽኣሉ ግዜ፡
ተወረርኩ፡ ጠፋእኩ፡ ተመንጠልኩ፡
ተዓብለልኩ ዝብል ስምዒታት ንኹልና
መዕነዊና እዩ። ኣህላኺ’ውን እዩ።
ኣነ ዝሓለፍክዎ መስርሕ ይሕለፋ፡
ክንዲ ዝሰራሕናዮ ኣይሰርሓን፡ ክንዲ
ዝደኸምናዮ ኣይደኸማን፡ እዚ ሞያ
ኣነ ጥራይ እየ ዝመልኮ፡ ወዘተ ዝብል

ስምዒታት ምስ ዝዕብልል፡ ነቲ ክህሉ ዘለዎ
ሃናጺ ናይ ምድግጋፍ ባህሊን ሰንሰለታዊ
ምትእስሳርን ከላሕልሖ ይኽእል እዩ።
ብቐንዱ ድማ ሰባት፡ ንኻልኦት ሰባት ኣብ
እንምህረሉ እዋን ኢና ዝያዳ ንመሃር።
ንኻልኦት ኣብ እንድግፈሉ እዋን ኢና
ዝያዳ ዕጋበትን ተመሳሳሊ ግብረ መልስን
ንረክብ።

ከምዚ ዓይነት ናይ ምድግጋፍ መንፈስ፡
ኣብ ቦታ ስራሕን ትምህርትን ጥራይ
ዝድረት ኣይኮነን። ኣብ ስድራቤትን
ሕብረተሰብን’ውን ኣብ መዓልታዊ
ህይወትና ተመሳሳሊ ኣገዳስነት ኣለዎ።
ንኣብነት፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ
ኣብ ኣተዓባብያ ወይ ኣተኣላልያ ደቃ፡
ሓላፍነት ናይ ገዛኣን ሓዳራን ሽግራት
ኣብ ዘጋጥማ እዋን፡ ካብ መሓዝኣ፡
ጎረቤታ፡ ኣባል ስድራቤታ እትረኽቦ ደገፍ
ዓቢ ፍልልይ ከምጽእ ይኽእል እዩ። ደቂ
ኣንስትዮ ብዘለና ተመሳሳሊ ተመክሮታት፡
ኣብ ግዜ ጸገም ብዘይ ፍርዲ ጸገማት
ኣሕዋትካ ክትሰምዕ፡ ብተግባር ክትሕግዝ፡
ከተተባብዕ፡ ተስፋ ክትህብ ምኽኣል
ኣብ ህይወታ ዓቢ ትርጉም ዘለዎ እዩ።
ፍትሕ፡ ሕማም፡ ወይ ካልእ ናይ ህይወት
ብድሆታት ዘሕልፋ ደቂ ኣንስትዮ፡
ካብ ካልኦት ደቂ ኣንስትዮ ዝረኽብኦ
ርህራሀ፡ ምርድዳእን ኣኽብሮትን ኣዝዩ
ሓጋዚ እዩ። ምኽንያቱ፡ ብዙሕ ግዜ ደቂ
ኣንስትዮ ጸገመን ከካፍላ ኣብ ዝደልያሉ
እዋን ዋላ ምኽሪን ሓገዝን ኣይርከባ፡

ብዘይ ፍርዲ ዝሰምዐን፡ ብዘይ ምውራድ
ዝድግፈን፡ ብዘይ ምንጽርጻር ዘተባብዐን
ሰብ ጥራይ ዝደልያሉ እዋን ስለ ዘሎ።

ኣብ መንጎ ደቂ ኣንስትዮ ክህሉን
ክሕይልን ዘለዎ ባህሊ ምድግጋፍ እምበኣር
ካብ ግዜ ንእስነት ክኹስኮስ ዘለዎ ባህሊ
እዩ። ደቂ ኣንስትዮ ካብ ግዜ ቁልዕነተን
ጀሚረን፡ ብልሒ፡ ጽባቐ፡ ተውህቦ፡ ወይ
ዓወት ናይ ካልእ ጓል ኣንስተይቲ ንናተን
ዓቕሚን ጽባቐን ዘጉድል ነገር ከም
ዘይኮነ እናመሃርና ከነዕብየን ኣገዳሲ እዩ።
ወለዲ፡ መምህራን፡ ሕብረተሰብ’ውን ኣብ
ምምሃር ሓድሕዳዊ ምክብባር፡ ርህራሀ፡
ርእሰ ተኣማንነት፡ ምትሕግጋዝ ኣገዳሲ
ተራ ኣለዎም።

ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ናይ
መሪሕነት ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ’ውን፡
ዓወተን ብዘይካ እቲ ንሰን ዝበጽሓኦ ደረጃ፡
ንኻልኦት ደቂ ኣንስትዮ ብዝፈጥርኦ
ጽልዋን ለውጥን ክምዘን ኣገዳሲ እዩ።
ዝተፈላለየ ጉጅለታት ወይ ማሕበራት
ብምቛም ፍልጠተን ዘካፍላሉ፡ ሓባራዊ
ጸገማተን ሓባራዊ ፍታሕ ንምፍጣር

ዝዛተያሉ መድረኻት ክህሉ የድሊ።
ብሓፈሻ፡ ደቂ ኣንስትዮ ዝተፈላለየ
ድሌታት፡ ዓቕምታት፡ ርእይቶታትን
ተመክሮታትን እኳ እንተ ሃለወን፡
ማዕርነትን ማዕረ ዕድላትን ዘለዎ
ሕብረተሰብ ኣብ ምህናጽ ግን ሓባራዊ
ተራ ዘለወን እየን። ስለዚ፡ ኣብ ጉዕዞና
ዘለና ተወዳዳርነት ብሃናጺ መገዲን ኣብ
ነንሕድሕድና ብእንፈጥሮ ናይ ኣሓት
መንፈስን ዝተደገፈ ምስ ዝኸውን ድማ፡
ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝያዳ ውጽኢታዊ
ይኸውን።

ኣብ ትካላትና፡ ብሓፈሻ ድማ
ኣብ ሕብረተሰብና ሕቶ ምዕሩይነት
ብተደጋጋሚ እናልዓልና፡ ኣብ መንጎና
ዘሎ ፍልልያት ግን ንሓባራዊ ድምጽና
ዘዳኽም ክኸውን ክንፈቅድ የብልናን።
እቲ ሓቀኛ ዕብየት ድማ እቲ ኣብ ቤትና፡
ኣብ ቦታ ስራሕና፡ ኣብ ሕብረተሰብና፡
ኣብ መንጎና ብእንምስርቶ ሓያል ናይ
ኣሓት ወይ’ውን ናይ ኣደን ውሉድን
መንፈስ ዝቕለስ እዩ። ነፍሲ ወከፍ
ጓል ኣንስተይቲ ድማ ኣብዚ ዓቢ ተራ
ኣለዋ። ብሓንቲ ወስ እነብላ መተባብዒ
ቃል ዝብገስ ባህሊ እዩ። ንኸማና ጓል
ኣንስተይቲ ምኽሪ ምልጋስ፡ ሜላታት ናይ
ዓወትና ምክፋል፡ ጽን ኢልና ምስማዕ፡
ከምኡ’ውን ናይ ካልእ ጓል ኣንስተይቲ
ዓወት ምጽንባል፡ ነኣሽቱ ዝመስሉ ግን
ከኣ ኣገደስቲ ናይ ምድግጋፍ ባህርያት
እዮም። ሓይልና ድማ ኣብቲ ነፍሲ
ወከፍና በበይንና እንዓሞ ስራሕ ጥራይ
ዘይኮነ፡ ኣብቲ ብሓባር ክንዓሞ እንኽእል’ዩ
ዝያዳ ተጨባጢ ለውጢ ዝህልዎ። ሓንቲ
ጓል ኣንስተይቲ ናብ ዝልዓለ መሳልል
ክትብርኽ ከላ፡ ክኸውን ዝኽእል ነገራት
እያ ተርኢ። ንኻልእ ጓል ኣንስይተቲ
ክትድግፍ ከላ ግን ምርኣይ ጥራይ ዘይኮነ፡
እቲ ዓወት ናብ ብዙሓት ክበጽሓሉ
ዝኽእል መገዲ እያ ትኸፍት። እቲ ሓቀኛ
ናይ ዕብየት ጉዕዞ ድማ ካብ ምድግጋፍን
ሓድሕዳዊ ዝምድናን ዝምስረት እዩ።

ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሰዓት መደብ

09፡00 ሃገራዊ መዝሙር
09፡05 ኤሮቢክስ
09፡30 ሃሎ ቈልዑ
10፡05 ፓኖራማ
10፡30 ጉዳይ ኣብ ዘተ
11፡00 ለሰ ስፖርት

12፡30 ዜና (ትግርኛ)
12፡55 ሰነዳዊት ፊልም ‘ትም ምባል
ስለዝመረጸ’ 5ይ ክፋል
13፡30 ዜና (ዓረብ)
13፡50 መልሲ ኣብ መስመር
14፡30 ናትራን
17፡00 መኣዝን ልምዓት
17፡35 ሳይዳ
18፡40 ደረት ቃና

20፡00 ዜና (ትግረ)
20፡13 ፊልም ሕደጋት

21፡00 ዜና (ትግርኛ)
21፡25 ተክ ኢንሳይት

22፡00 ዜና (ዓረብ)
22፡10 ድራማ

22፡30 ዜና (እንግሊዝ)

ሓዳስ ኤርትራ መበል 36 ዓመት ቁ.71 21 ሕዳር 2026 - ገጽ 11

ስፖርት
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ኤን ኤስ ኤን፡ ምስ ኩባንያ ኲብ ተሰማሚዓ

ቢንያም፡ ምስታ ኣብ 2027 ዝዝውራ ሓዳሽ ብሽክለታ

ስዊዘርላንዳዊት ክለብ ቅድድም ብሽክለታ ኤን ኤስ ኤን (NSN)፡ ናይ
ቀዳማይ (ዎርልድ ቱር) ከምኡ’ውን ካልኣይ ዲቪዥን (ደቨሎፕመንት ቲም) ተቐዳደምታ፡ ካብ ሓዲሽ ዓመት ጀሚሮም ‘ኲብ’ ዝዓይነታ ብሽክለታ ክዝውሩ ምዃኖም ኣፍሊጣ።
እዛ ጋንታ፡ ኣብዚ ዓመተ 2026፡ ብመሻርኽታ ዝነበረ ትካል ስኮት ዝፈረያ ‘ስኮት’ ዝተባህላ ብሽክለታ ምጥቃማ ይዝከር። ሎሚ ዓመት ግና፡ ኲብ መሻርኽታ ተቐይሩ ኣሎ።
ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ናይዛ ጋንታ - ቢንያም ግርማይ፡ ካብ 2021 ክሳብ 2025 ኣብ ኢንተርማርች እንከሎ፡ ኲብ ብሽክለታ ይዝውር ምንባሩ ይዝከር። በቲ ኩባንያ ዝፈረያ ብሽክለታ ተጠቒሙ ድማ እዩ፡ ኣብ 2021 ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ናይ ጁንየር ብሩር መዳልያ፣ ኣብ 2022 ኣብ ዙር ኢጣልያ ናይ መድረኽ ዓወት፣ ኣብ 2024 ኣብ ዙር ፈረንሳ ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረ ታሪኽ ክሰርሕን ካልኦት ዓበይቲ ዓወታት ከመዝገብን ክኢሉ።
ኣብ 2027 ድማ፡ ታሪኽ ክድገም ትጽቢት ይግበር።

ከረን - ንጽሙማን ተማሃሮ መባእታዊ

ስልጠና ሰደቓ ቴንስ ተዋሂቡ

ባህልን ስፖርትን ከተማ ከረን ከምኡ’ውን
ፈደረሽን ጸወታታት ውሽጢ ገዛ፡ ኣብ
ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ጽሙማን ዞባ ዓንሰባ
ንዝርከቡ ተማሃሮ፡ መባእታዊ ስልጠና ሰደቓ
ቴንስ ብምሃብ ኣመሪቖም።
ኣብ’ቲ ብኣሰልጠንቲ መምህራን ሚሊዮን
ሰለሙንን ሚለና ንጉሰን ካብ 14 ክሳብ 19
ሕዳር ብክልሰ ሓሳብን ግብርን ዝተዋህበ
ስልጠና፡ 15 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም
ጠቕላላ 30 ተማሃሮ ሰልጢኖም።
ጽሙማን ኣካል ሕብረተሰብ ብምዃኖም፡
ንቀጻሊ ዕብየቶምን ምዕባለኦምን ዘይሕለል
ጻዕሪ ብምክያድን ከምዚኦም ዝኣመሰሉ

ስልጠናታት ብምሃብን፡ በሪኾም ብደረጃ ፓራ
ኦሎምፒክ ስሞምን ስም ሃገሮምን ንምጽዋዕ
ክበቕዑ ምክትታልን ምትሕብባርን መሻርኽቲ
ከይፍለዮም፡ መምህር ሚልዮን ተላብዩ።
ርእሰ መምህር ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ
ጽሙማን ዞባ ዓንሰባ መምህር ተስፋብርሃን
መዓሾ ብወገኑ፡ ስልጠና ኣብ ተማሃሮ ዘሕድሮ
መረዳእታ ዝለዓለን ኣብ ምዕባለኦም ዝህልዎ
ጽልዋ ዓቢን ምዃኑ ብምሕባር፡ ካብኦም
ዝሕተት ዘበለ ከማልኡ ምዃኖም ገሊጹ።
ሰልጠንቲ ንዝተዳለወሎም ምስክር ወረቐት
ድማ፡ ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ
ምቕባሎም፡ ወኪል ዜና ናይቲ ዞባ ሓቢሩ።

ኮርቱዋ፡ ውዕሉ ኣናዊሑ
ሓላዊ ልዳት ሪያል ማድሪድ - ቲቡውት
ኮርቱዋ፡ ክሳብ 30 ሰነ 2028 ዘጽንሖ ሓዲሽ
ውዕል ምፍራሙ፡ ክለቡ ትማሊ ዓርቢ
ኣፍሊጣ።
ኣብ 2018 ናብዛ ክለብ ዝተጸምበረ
ኮርቱዋ፡ ኣቐዲሙ ዝፈረሞ ውዕል፡ ኣብ ሰነ
2027 ዘብቅዕ ነይሩ። በዚ ሕጂ ፈሪምዎ ዘሎ

ውዕል ድማ፡ ንሓደ ዕቑድ ንማድሪድ ክስለፈላ
እዩ።
እዚ ወዲ 34 ዓመት ብሉጽ ሓላዊ
ማዕጾ፡ ዛጊት 348 ግጥማት ክውክላ እንከሎ፡
ክልተ ጽዋኣት ሻምፕዮንስ ሊግ ዝርከቦም 14
ጽዋኣት ክትዓትር’ውን፡ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ።
እዛ ጋንታ፡ ንሓለቓኣ ፈደሪኮ ቫልቨርደን

ብራሂም ዲያዝን’ውን፡ ክሳብ ሰነ 2031
ዘጽንሖም ሓዲሽ ውዕል ኣፈሪማቶም ኣላ።
ኣብዚ ዝሓለፈ ክረምቲ ንቪንስየስ ጁንየር
ክሳብ ሰነ 2032 ዘጽንሖ ውዕል ዘፈረመቶ
ማድሪድ፡ ኣቐዲማ ኣብዛ ሰሙን፡ ንኣርዳ
ጉለርን ኣውሬሎን ቾመኒን፡ ክሳብ ሰነ 2032
ዘጽንሖም ውዕል ኣፈሪማቶም እያ።

“ናብ ኣርሰናል ክሰጋገር’ዩ ነይሩ ሕልመይ” ሙድሪክ

ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ክለብ ቸልሲ -
ምይካይሎ ሙድሪክ፡ ናብ ኣርሰናል ክሰጋገር
ሕልሙ ምንባሩ ገሊጽ።
ሙድሪክ፡ ኣብ ናይ ሃገሩ ዩክረይን ሊግ ምስ
ሻክታር ዶነስክ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብዘርእዮ
ዝነበረ መሳጢ ብቕዓት፡ ኣብ ራዳር ዓበይቲ
ክለባት ኤውሮጳ ክኣቱ ክኢሉ። ኣብ ጥሪ 2023
ድማ፡ ናብታ ልዑል ተገዳስነት ኣሕዲራትሉ
ዝነበረት ኣርሰናል ክጽምበር ተቓሪቡ ምንባሩ
ይግለጽ።
ይዅን እምበር፡ ቸልሲ፡ ነቲ 61 ሚልዮን
ፓውንድ በጺሑ ዝነበረ መስርሕ፡ ናብ 89
ሚልዮን ፓውንድ ኣዕሪጋ፡ ካብ’ታ ደላይቱ
ኣርሰናል መንጢላቶ።

ድሌት ናይዚ ወዲ 25 ዓመት መንእሰይ
ግና፡ ኣርሰናል ምንባራ፡ ድሕሪ ሰለስተ ዓመታት
ተዛሪቡ።
ንሱ፡ “ቅድሚ ናብ ቸልሲ ምጽንባረይ፡ ናብ
ኣርሰናል ክሰጋገር እዩ ነይሩ ድሌተይ፣ እዚ
ምስጢር ኣይኮነን። ይዅን እምበር፡ ሕልመይ
ጋህዲ ንምግባር ዝኾነ ፈተነ ኣይተኻየደን።
ናይ ቅድም ወኪለይ፡ ዝያዳ ገንዘብ ንምርካብ
ጥራይ እዩ ነይሩ ድሌቱ። ኣብቲ እዋን ግና፡
ብዛዕባ’ዚ ወላ ሓንቲ ኣይፈለጥን ነይረ።” ክብል፡
ሰሪ ወኪሉ ሕልሙ ካብ ምስማር ከምዝተኾልፈ
ገሊጹ።
ሙድሪክ፡ ኣብ ቸልሲ ዝተነብረሉ
ልዑል ትጽቢት ክምልስ ኣይከኣለን፣ ብቕዓቱ
ኣንቈልቊሉ፡ ዝፈሰሰሉ ገንዘብ ‘ኣብ ማይ
ኣትዩ’ ተባሂሉ። ካብኡ ዝበኣሰ ድማ፡ ኣብ
ጥቅምቲ 2024፡ ኣብ ደሙ ሓይሊ ዝህብ ባእታ
ብምርካቡ፡ ንኣርባዕተ ዓመታት ካብ ጸወታ
ክእለ፡ ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ እንግሊዝ ወሲኑሉ።
ናብ ቤት ፍርዲ ዕርቂ ስፖርት ዝገበሮ ናይ
ይግባይ ሕቶ ተሰማዕነት ብምርካቡ ግና፡ ኣብ
ሓምለ 2026 መቕጻዕቱ ተላዒሉሉ፡ ናብ ጸወታ
ክምለስ ክኢሉ።

ኣብዚ ወቕቲ ብልቓሕ ናብ ቶተንሃም
ተሰጋጊሩ ዘሎ ሙድሪክ፡ “ኣብዛ ጉዳይ መን
እዩ ተሓታቲ፧” ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ
ከኣ፡ “ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ዩክረይን ዝነበረ
ሃዋህውን ኩነታትን እዩ። ብፍጹም ከጋጥም
ኣይነበሮን። ክሳብ ሕጂ ናብ ኣደባባይ ወጺአ
ኣይተዛረብኩን፣ ሕጂ ግና ክዛረብ ኣለኒ።
‘መልዶኒዩም’ ዝበሃል ሓሺሽ ቅድሚ ሕጂ
ሰሚዐዮ ኣይፈልጥን፣ ኣብ ምብራቓዊ ኤውሮጳ
ጥራይ እዩ ዝርከብ፣ ኣብ ነብሰይ ዝተረኽበሉ
ድማ፡ ኣብ ዩክረይን ጥራይ እዩ ክኸውን
ዝኽእል። ኣብ እንግሊዝ ከምኡ ዓይነት ድራግ
(ሓሺሽ) የለን።” ክብል ንፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ
ሃገሩ ነቒፉ።
እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ናይ ቅድም ተጻዋታይ
ናይ ሕጂ ፕረዚንደት ፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ
ዩክረይን - ኣንድሪ ሸቭሸንኮ፡ ርእይቶ ሙድሪክ
ካብ ‘ሓቂ ዝረሓቐ ጸለመ’ ምዃኑ ገሊጹ።
ንሱ፡ ወከልቲ ሙድሪክ፡ ነቲ ጉዳይ ብሓሶት
ሓላፍነት ዝወስደሉ ሰራሕተኛ ክቕርቡሎም
ብተደጋጋሚ ከምዝሓተትዎምን እቲ ፈደረሽን
ግና ከምዝነጸጎምን ሓቢሩ። ሙድሪክ፡ ይቕረታ
ክሓትት ከምዘድልዮ’ውን ገሊጹ።

ጊንዳዕ - ግጥማት ኵዕሶ እግሪ ይቕጽል
ብሓዲሽ ኣወዳድባ ካብ 1 ሕዳር ዝጀመረ
ስፖርታዊ ግጥማት ኵዕሶ እግሪ ንኡስ ዞባ
ጊንዳዕ፡ ብ14ን 15ን ሕዳር ቀጺሉ።
በዚ መሰረት ብ14 ሕዳር፡ ኣብ ናይ
ካልኣይ ዲቪዥን ውድድር፡ ጋንታ
ዓርኮብኮባይ ካብ ክልተ ኣሕዋት ሳልሕ
ዓፋን መሓመድ ዓፋን ቅድምን ድሕርን
ዕረፍቲ ብዘመዝገበተን ሸቶታት፡ ንደንደን
2ብ0 ስዒራታ።
ኣብ መንጎ ናይ ቀዳማይ ዲቪዥን
ጋንታታት ኢራብን ቀይሕ ባሕርን
ዝተኻየደ ጸወታ፡ ኢራብ ኣብ መበል 15
ደቒቕ ብእዮብ ዮውሃንስ ብመገዲ ፍጹም
ቅላዕ ሸቶ ረኺባ መሪሓ። ቀይሕ ባሕሪ
ድማ፡ ድሕሪ ክልተ ደቓይቕ ብሙሴ የማነ

እተመዓራርያ ሸቶ ኣቑጺራ፡ 1ብ1 ናብ
ዕረፍቲ ወጺአን።
ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ቀይሕ ባሕሪ
ኣብ መበል 85 ደቒቕ ብመገዲ ሑሴን
ኢብራሂም ሸቶ ብምምዝጋብ 2ብ1
ተዓዊታ።
ሰንበት ናይ ካልኣይ ዲቪዥን ጋንታታት
ኣልሸባብን ቀይሕ ባሕሪን 2ብ2 ተፈላልየን።
ጸወታ መዳረባን ሑጺትን፡ ኣቓልቦ
ተዓዘብቲ ዝሰሓበ ነይሩ። መዳረባ፡ ብመገዲ
ናትናኤል ተስፋይ ዘመዝገበታ ሸቶ ናብ
ዕረፍቲ 1ብ0 መሪሓ ወጺኣ።
ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ሑጺት፡ ብመገዲ
ሓምድ ዑመር እተመዓራርያ ሸቶ’ኳ
እንተኣመዝገበት፡ መዳረባ ኣከታቲላ ካብ
ናትናኤል ተስፋይ፡
ና ት ና ኤ ል
ተኽለገርጊስን
ሑሴን ሱሌማንን
ሸቶታት ኣቑጺራ፡
ብገፊሕ 4ብ1
ምዕዋታ፡ ካብቲ
ቦታ ዝበጽሓና
ዜና ኣረዲኡ።

ዕጫ ኔሽንስ

ሊግ ወዲቑ

መደብ ጸወታ

ሎሚ
* መበል 11 ሰሙን ግጥማት
ፕሪመር ሊግ
ማን ሲቲ - ፉልሃም 3፡30 ድ.ቀ
ቦርንማውዝ - ኖቲንግሃም 6፡00 ድ.ቀ
ኮቨንትሪ - ፓላስ 6፡00 ድ.ቀ
ቶተንሃም - ኢፕስዊች 6፡00 ድ.ቀ
ቸልሲ - ሊድስ 6፡00 ድ.ቀ
ኣስቶን ቪላ - ሳንደርላንድ 6፡00 ድ.ቀ
ኒውካስል - ኣርሰናል 8፡30 ድ.ቀ

* ላ’ሊጋ መበል 13 ሰሙን
ሪያል ማድሪድ - ሰልታ 11፡00 ድ.ቀ

ኣብ መንጎ ክለባት፡ ክሳብ ዝሓለፈ ሰሉስ
ናይ ምድብ ግጥማት ከካይድ ዝወርሐ
ግጥማት ኔሽንስ ሊግ ኤውሮጳ፡ ትማሊ
ናይ ርብዒ ፍጻመ ዕጫ ኣውዲቑ።
በዚ ድማ፡ ዓበይቲ ሃገራውያን
ጋንታታት፡ ስጳኛ ምስ ፈረንሳ፡ ኖርወይ
ምስ እንግሊዝ፡ ሆላንድ ምስ ፖርቱጋል
ከምኡ’ውን ቤልጅዩም ምስ ጀርመን
በጺሑወን።

ሓዳስ ኤርትራ

ተረኛ ፋርማሲ ጎደና ቁ.ስልኪ ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ17፡ከባቢ ሲነማ ሓማሴን 123690

ዕለት

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ 21/11/2026

መበል 36 ዓመት ቁ.71 21 ሕዳር 2026- ገጽ 12

ዜና ዓለም ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

ብሪጣንያ፡ ንዩክሬን ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ክትልእከላ ወሲና ብሪጣንያ፡ ንዩክሬን ኣስታት ሓደ

ሽሕ ኪሎ ሜተር ተጓዒዘን ዒላማአን
ክሃርማ ዝኽእላ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ
ክትልእከላ ኣብ ስምምዕ በጺሓ
ምህላዋ ሓቢራ።
እተን ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሰብ ኣልቦ
ነፈርቲ፡ ዩክሬን ንሩስያ ክንዮ ግንባር
ንዘሎ ዒላማታት ከተጥቅዕ ዘኽእላኣ
ምዃነን ከኣ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር
ብሪጣንያ ኣንድይ ቡርናም ገሊጹ።
እቲ ስምምዕ፡ ደገፍቲ ዩክሬን ዝኾና
36 ሃገራት ምዕራብ ኣብ ከተማ

በርሊን - ጀርመን ድሕሪ ዘካየደኦ
ርክብ ዝተበጽሐ ኮይኑ፡ ኣካል ናይቲ
ንዓቕሚ ምክልኻል ዩክሬን ከደንፍዕ
ክምጦ ተወሲኑ ዘሎ 341 ሚልዮን
ዶላር ሓገዝ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።
እቲ ስምምዕ፡ ኣብ ዝመጽእ ክልተ
ኣዋርሕ ክትግበር ምዃኑ ከኣ
ተፈሊጡ ኣሎ።
ዩክሬን፡ ነተን ድሮናት፡ ትካላት
መፍረ ኣጽዋር ሩስያ ንምዕናው ከም

እትጥቀመለን’ውን ኣፍሊጣ ኣላ።
ብሪጣንያ፡ ካብ 2022 ንደሓር፡
ንዩክሬን ዛጊት ናይ ልዕሊ 46 ቢልዮን
ዶላር ሓገዝ መጥያትላ ከም ዘላ፡
ጸብጻባት የመልክቱ።
እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብዛ ሰሙን
እዚኣ፡ ብሪጣንያ ኣብ ልዕሊ 10
ዓበይቲ ኩባንያታት መፍረ ነዳዲ
ሩስያ እገዳ ከም ዘጽደቐት ተፈሊጡ
ኣሎ።

ዴንማርክ፡ ምስ ኣመሪካ ዝበጽሓቶ ስምምዕ ኣጽዲቓ

ባይቶ ዴንማርክ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ምስ
ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ
ዝተበጽሐ፡ ህላውነት ወተሃደራት ኣመሪካ
ኣብ ግሪንላንድ ናይ ምስፋሕ ስምምዕ

ብምሉእ ድምጺ ከም ዘጽደቖ ተሓቢሩ።
እቲ በቲ ባይቶ ዝተወስደ ውሳነ፡ ኣመሪካ
ነቲ ኣብ ግሪንላንድ ዝርከብ መደበር
ጠፈር ከተስፍሖ፡ ከምኡ’ውን ኣብ

ክልተ ተወሰኽቲ ቦታታት ናይታ ደሴት
ወተሃደራዊ መደበራት ከተቕውም
ዘኽእላ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።
ኣብ ዝሓለፈ መስከረም፡ ኣመሪካ፡
ዴንማርክን ደሴት ግሪንላንድን፡ ህላውነት
ወተሃደራት ኣመሪካ ኣብታ ደሴት
ንምስፋሕ ምስምምዐን ይዝከር።
ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ደሴት ግሪንላንድ
ንድሕነት ሃገሩን ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ

(ኔቶ) ኣብቲ ዞባ ንዘለዎ ኣቀማምጣን
ኣገዳሲት ምዃና ብምጥቃስ፡ ኣብ
ትሕቲ ቁጽጽር ኣመሪካ ክትኣቱ ኣድላዪ
ምዃኑ’ዩ ብተደጋጋሚ ክገልጽ ጸኒሑ።
ሩስያ ግና፡ ነቲ ኔቶ ኣብ ዞባ ኣርክቲክ
ዘካይዶ ዘሎ ምስፍሕፋሕ ብተደጋጋሚ
ከም እትቃወሞ ይፍለጥ።

ሩስያ፡ ንሃገራት ኤውሮጳ ንዘተ ትዕድም
ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር
ፑቲን፡ ንብርክት ዝበሉ ወከልቲ
ሃገራት ኤውሮጳ፡ ኣብቲ ዞባ ድሕነት
ንምርግጋጽን ኲናት ዩክሬን ደው
ንምባልን ዘለዎም ኣረኣእያ ንኸብርሁ፡
ናብ ሃገሩ ክመጹ ዕድመ ልኢኹሎም
ምህላዉ ኣፍሊጡ።
ፕረዚደንት ፑቲን ኣብቲ ንጋዜጠኛታት
ዝሃቦ መግለጺ፡ ሞስኮ ምስ ኪየቭ ኲናት

ደው ንምባል ኣመልኪታ ዝርርብ
ቅድሚ ምክያዳ፡ ሃገራት ኤውሮጳ
ኣበየናይ ደረጃ ኣተሓሳስባ ከም ዘለዋ
ምፍላጥ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣረዲኡ።
ንሱ ወሲኹ፡ ሃገሩ፡ ብኻልኦት ሃገራት
ምዕራብ ንዝግበር ሰራዊት ኣብ ዩክሬን
ናይ ምዕስካር መደብ ፈጺማ ከም
ዘይትቕበሎ ኣነጺሩ።
ሩስያ፡ ደገፍቲ ዩክሬን ንዝኾኑ ክሳብ 40
ዝግመቱ ወከልቲ ሃገራት
ኤውሮጳ፡ ንፕረዚደንት
ዩክሬን ቮለድሚር
ዘለንስኪ፡ ከምኡ ድማ
ንልኡኻት ኣመሪካ ኣብ
ጉዳይ ኲናት ዩክሬን
ንምዝርራብ ዕድመ
ኣቕሪባትሎም ምንባራ
ጸብጻባት የመልክቱ።

“ማያንማር ኣብ ልዕሊ ሮሂንግያ ጃምላዊ ህልቂት ፈጺማ” ቤት ፍርዲ ሕ/ሃገራት

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ሕቡራት
ሃገራት፡ ማያንማር ብደረጃ ሃገር
ኣብ ልዕሊ ኣስላም ሮሂንግያ ጃምላዊ
ህልቂት ከም ዝፈጸመት ኣፍሊጡ።
እቲ ቤት ፍርዲ ወሲኹ፡ ኣብ
2017፡ ሓይልታት ጸጥታ ማያንማር
ካብ ህዝቢ ሮሂንግያ ኣሽሓት ክቐትል
እንከሎ፡ ሰፊሕ ጾታዊ ዓመጽ እውን
ከም ዝፈጸመ ኣመልኪቱ።
ሓደ ካብ’ቶም ነቲ ውሳነ ዘሕለፉ
ደያኑ ናይቲ ቤት ፍርዲ ዩጂ
ኢዋሳዋ፡ ሓይልታት ማይንማር
ኣብቲ ሕብረተሰብ ሮሂንግያ
ዝነብሩሉ ከባቢታት ኣብ ዘካየድዎ

ናይ ‘ምጽራይ’ ዝበልዎ ወተሃደራዊ
ስርሒት፡ ጃምላዊ ህልቂት ኣብ
ልዕሊ ደቂ ተባዕትዮን ሰፊሕ ዓመጽ
ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮን ክፍጽሙ
ከለዉ፡ ከምኡ’ውን ብርክት ዝበላ
ዓድታት ከም ዘንደዱ ኣነጺሩ።
መንግስቲ ማያንማር ግን፡ ነቲ
ሓይልታቱ ኣብ ልዕሊ ተወለድቲ
ሮሂንግያ ህልቂት ከም ዝፈጸሙ
ዘረጋግጽ ውሳነ ቤት ፍርዲ ሕ/
ሃገራት ነጺግዎ ኣሎ።
ሓይልታት ምያንማር ኣብ ልዕሊ
ተወለድቲ ሮሂንግያ ግፍዒ ከም
ዝፈጸሙ ዘመልክት ክሲ ቅድሚ

ሸውዓተ ዓመት ናብ ኣህጉራዊ
ቤት ፍርዲ ዘቕረበት ጋምብያ፡
በቲ ዝተዋህበ ውሳነ ከም ዝዓገበት
ኣፍሊጣ ኣላ።
እቲ ቤት ፍርዲ ወሲኹ፡ ማያንማር
ነቲ ኣብ ልዕሊ ተወለድቲ ማሕበረሰብ
ሮሂንግያ ዝፈጸመቶ ግፍዒ ግቡእ
ካሕሳ ክትከፍለሉ ግዴታ ከም
ዘለዋ ድሕሪ ምትሕስሳብ፡ እቶም
ብግፍዕታት ሰራዊት ናይታ ሃገር
ዝተፈናቐሉ ወገናት ሮሂንግያ
ከኣ ናብ መረበቶም ብውሑስን
ወግዓውን ኣገባብ ክምለሱሉ
ዝኽእሉ መንገዲ ክጣጣሓሎም
ተላብዩ።
እቶም ኣብ 1994 ኣብ ሩዋንዳ፡
ኣብ 1995 ኣብ ቦዝንያ፡ ከምኡ’ውን
ኣብ መወዳእታ 1970ታት ኣብ
ካምቦድያ ዝተፈጸሙ ቅትለት
ዓሰርተታት ኣሽሓት ዜጋታት፡
ክሳብ ሕጂ ብቤት ፍርዲ ሕቡራት
ሃገራት “ጃምላዊ ህልቂት” ዝብል
ስም ተዋሂብዎም ዘለዉ ግፍዕታት
እዮም።
ማይንማር ከኣ፡ ነዘን ሃገራት ስዒባ
ኣብ ዓለም ራብዐይቲ ህልቂት
ዝፈጸመት ሃገር ኮይና ኣላ -
ብመሰረት ጸብጻባት ዜና።

በኒን፡ ብፈረንሳ ዝተዘምተ ጥንታዊ ቅርስታታ ክምለስ ጠሊባ
መንግስቲ በኒን፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ
ተዘሚቱ ኣብ ከብሕታት ኣብያተ
መዘክር ፈረንሳ ዝርከብ ጥንታዊ
ቅርስታት ሃገሩ ክምለሰሉ ጸዊዑ።
ፈረንሳ፡ ቅድሚ ሓሙሽተ ዓመታት
26 ቅርስታት ከም ዝመለሰት ዝገለጸ
መንግስቲ በኒን፡ ተሪፉ ዘሎ ልዕሊ 35
ቅርስታት ከኣ ኣብ ዝሓጸረ እዋን
ክምለስ ከም ዝጠለበ ተሓቢሩ።
እቲ ቅርስታት፡ ኣብ መበል 19
ክፍለ ዘመን ብሰራዊት ፈረንሳ
ተዘሚቱ ናብ ኤውሮጳ ከም ዝሰገረ
እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።
ፕረዚደንት በኒን ሮምዋልድ
ዋዳግኒ፡ ኣብ ዝሓለፈ ጥቅምቲ

ምስ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማንዌል
ማክሮን ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ ነቲ ሕቶ
ኣቕሪብዎ ምንባሩ ይዝከር።
መንግስቲ ፈረንሳ፡ ኣብ እዋን
መግዛእቲ ተዘሚቱ ናብ ሃገሩ
ንዝኣተወ ቅርስታት ንምምላስ
ዘኽእል ሕጊ’ኳ እንተ ኣጽደቐ፡ ኣብ
ተግባራውነቱ ግን ከም’ቲ ዝድለ
ይነጥፍ ከም ዘየለ እዩ ብሰበ ስልጣን
በኒን ዝውቀስ።
ዝበዝሐ ካብ’ቲ ብገዛእቲ ዝተዘምተ
ቅርስታት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ከብሕታት
ኣብያተ መዘክር ፈረንሳ፡ ጀርመንን
ብሪጣንያን ተቐሚጡ ከም ዘሎ
ምንጭታት ይሕብሩ።